# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 34 ዓመት ቁ.209 | ዓርቢ 2 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ሕማም ስኪዞፍረንያ ንምክልኻል ይከኣልዶ?




ገጽ 3 — ኣብ 'ብርቂ ማዕድናት' ዝተመርኮሰ . . .



ገጽ 4 — ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት . . .



ገጽ 5 — ሰብ ክለብ ትራንዚት



ገጽ 11 — ደቡብ - ውድድራት ኣትለቲክስ ተኻይዱ




# ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ






ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ "ኣፍራይነት ብኽእሎ ተሳታፍነት!" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ትማሊ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ተዘኪሩ።

ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃንሰኤ ኣቶ ክብርኣብ ኪዳን ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኣብዚ እዋን - መልክዕ ዓለማዊ ዕዮ፡ ብሰንኪ ሓይልታት ቴክኖሎጂ፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ስደት፡ ኩናት፡ ምምዝባልን ምውሳኽ ብዝሒ ህዝብን ብዝተኸሰተ ለውጥታት እናተቐየረ ይኸይድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ምውዳብ - መሰረታዊ ሕቶ ዝምድናታት ዕዮ ብምዃኑ፡ ሃንሰኤ ዘይተወደቡ ሰራሕተኛታት ኣብ ምውዳብ፡ ዳግመ-ምውዳብ ማሕበራት ኣብ ምኽያድን ናይ ንቕሓት መደባት ኣብ ምስራዕን ዕቱብ ስርሓት ከምዘካየደ ዝጠቐሰ ኣቶ ክብርኣብ፡ ዋላ'ኳ ብዙሕ ዝዐየ ተሪፉ እንተሎ፡ ቁጽሪ ዝተወደቡ ሰራሕተኛታት ምስ ግዜ ዕብየት የመዝግብ ምህላዉ፡ ከም ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ከምዝወሰድ ገሊጹ።

ኣማኻሪ ሕጊ ፈደረሽን ኣሰራሕቲ ኣቶ ሰለሙን ክፍለ ብወገኑ፡ ወሃንቲ ትካላት ወይ ኣካየድቲ ስራሕ፡ ምስ ሰራሕተኛታቶም ጥቡቕ ዝምድና ምስ ዝምስርቱ፡ ሰራሕተኛታት ናይ ዋንነት ስምዒት ሓዲሮም ኣብ ትካላት ርኡይ ዕብየት ስለዘመጽኡ፡ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ከምዝግባእ ገሊጹ።

"ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሓድነት ሰራሕተኛታት'ያ" ዝበለ ቃል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዘቕረበ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደየሱስ ኢሊሳ ድማ፡ ንጻወታት ክንጸንዕ፡ ንበደሃታት ክንገጥሞን ከይተሓለልና መፍትሒ ክንረክብ፡ ከምኡ'ውን ኩሉ ሰራሕተኛ ብኽብሪ ዝሰርሓሉ ባይታ ንምርግጋጽ ክንጽዕት፡ ሙብጽዓ እነሐድሰላ ዕለት ምዃና ሓቢሩ።

ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማስኛታትን ወከልቲ ትካላት ሕቡራት ሃገራትን ዝተረኽቡሉ ጽንብል፡ ብባህላዊ ማሰናድኣታት ማዕርጉ ነይሩ።

ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብደረጃ ዓለም ን135 ግዜ፡ ብደረጃ ኤርትራ ድማ ንመበል 34 ግዜ ትዝከር ኣላ።

# ኤርትራውያን ማሕበረ-ኮማት፡ ኣበርክቶአን ንምዕዛዝ ዘትየን

ኣብ ሰዑድያ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣስትሬሊያን ፈረንሳን ዝርከባ ኤርትራውያን ማሕበራትማት፡ መሳርዐን ንምድልዳልን ኣበርክቶአን ንምዕዛዝን ዘትየን።

በዚ መሰረት፡ ማሕበራትም ኤርትራውያን ነበርቲ ሪያድን ከባቢአን - ሰዑዲ ዓረብ፡ ብ25 ሚያዝያ 9ይ ጉባኤኤ ኣቃኒዐ።

ኣቦመንበር ማሕበራትም ኣቶ ዓብደልራሕማን ኢማም ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ መንጎ 8ይን 9ይን ጉባኤታት ብዙሓት ተሰፉ ዝሀቡ ምዕባለታት ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ብድሆታት ከምእተኸሰቱ፡ ብምጥቃስ፡ ሓያል ጉድኒታት ብምዕቃብን ድኻሞት ብምፍዋስን ራኢና ንምስማር፡ ተራ ኩሎም ኣባላት ከየንዘዘ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ ጉባኤኛታት፡ ምርጫታት ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን ኣካይዶም።

ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር ኣብ ዝሃበቶ ቃል፡ ንተራን ኣበርክቶን ማሕበራትማት ኣብ ሃገራዊ ጉዳያትን መደባትን ብምጥቃስ፡ እቲ ውዳብ - መሰረት ድልዱል ሃገራዊ ሓድነትን ህንጸት ብቑዕ መንእሰይ ወለዶን ስለዝኾነ፡ ኣብ መጻኢ ልዑል ኣተኩሮ ተዋሂቡ ክምዝስራሓሉ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣካየድቲ ሃገራውያንን ሞያውያንን ውዳቤታት ማለት ማሕበራትማ፡ ሃማደኤ፡ መንእሰያት ህግደፍን ማሕበር ወሃንቲ ቦጥን ኣብ ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ብ26 ሚያዝያ ኣብ ዘቃንዕዎ ኣኼባ፡ ኣብ ትግባረ ጥሙር መደባት መኸተ ዘትዮም።

ኣምባሳደር የውሃንስ ተኽለሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ውዳቤታት ምሕያል መሰረት ናይ ኩሉ ዝትግበር መደባት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ተዋሂቡ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ጸዊዑ።

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን፡ "ኩነታት ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዘወደብዎ ሰሚናር፡ ኣካያዲ ስራሕ ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣቶ መሓመድ ማሕሙድ ሰለም፡ መንግስቲ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ንዘሎ ዝሒፍ ወፍሪ ብምጥቃስ፡ ተበጊሱ ዘሎ ፕሮጀክት ምምዕባልን ምስፋሕን ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ንምዕዋት፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን ንኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ዓሰብ ኣበርክቶ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተሰፉ ገብረትንሳኤ ብወገኑ፡ ዕብየት ትምህርቲ ሃገርና ብዝበለጸ ንምስጓም፡ ዜጋታት ከም ወትሩ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ተላቢዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ኣብ ማእከላይ ምዕራብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብ26 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ኢንዲያናፖሊስ ዓመታዊ ዋዕላኡ ኣቃኒዑ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ውሽጢ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ውድባዊ ንጥፈታት፡ ሓቀኛ መስለት ኤርትራ ንምንጽብራቕ ዝተሰላሰለ መደባት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተኻየደ ሞያውን ቁጠባውን ንጥፈታት ድሕሪ ዝገበርዎ ዘተ፡ ኣብ 2025 ኣተኩሮ ዝወሃቦም መደባት ሓንጺጾም።

ሓላፊት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ወ/ሮ ሓድነት ቀለታ ድማ፡ "ጥበብ ፖለቲካዊ ስራሕ፡ ንፈጻሚ ሃገራዊ መብጽዓ" ብዝብል ኣርእስቲ ሰሚናር ኣካዪዳ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ንከንቲባ ከተማ ኢንዲያናፖሊስ ዝወከለት ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ከተማ ሚስ ሩት ሞራሌስ፡ ንዲሲፕሊንን ውዳብን ኤርትራውያን ዘለዋ ኣድናቖት ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ጸዊዓ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሰሜን ካሮላይና እትርከብ ብማሕበራትም እትእለ ቤት-ትምህርቲ ኣዳል፡ ብባህሎምን መንነቶምን ዝተኸስከሱ ህጻናትን ቈልዑን ኣብ ምምልማል እትገብሮ ዘላ ተራን ኣበርክቶን ተመጒሱ።


እዛ ቤት-ትምህርቲ፡ ቋንቋ ኣደ ብምምሃርን ክብረታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ብምስራጽን ዘይሃጓቕ ኣስተዋጽኦ ትገብር ከምዘላ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሑ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ተመሳሳሊ ጉዳይ፡ ኣባላት ኤርትራዊ ማሕበራትም ኣብ ብሪና - ኣስትሬሊያ፡ ብ25 ሚያዝያ - ኣብ ጥዕና ኣደን ህጻንን ዘተኰረ ሞያዊ ኣስተምህሮ ወሲዶም።

ኣብ ፈረንሳ ድማ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ በረኸት ጳውሎስ፡ ብ26 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ልዮንን ከባቢአን ምስ ዝነብሩ ዜጋታት ዘትዩ።

ኣቶ በረኸት፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ድሕሪ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቶም ዜጋታት ንቕሓቶም ብምብራኽን ውዳቤታቶም ብምድልዳልን ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ብሓፈሻ፡ ፕሮጀክት ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ንምዕዋት ድማ ብፍላይ ከም ወትሩ ተሳትፎኦም ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ነቲ ፕሮጀክት ንምዕዋት ዘለዎም ድልውነት ብምርግጋጽ፡ ንእለት ገንዘባዊ ወፈያ ጀሚሮም።







# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ሕማም ስኪዞፍረንያ ንምክልኻል ይከኣልዶ?

ስኪዞፍረንያ (Schizophrenia) ሕዱር ስነ-ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ዘርኢ ሕማም እዩ። ንናይ ሰባት ጠባይ፡ ኣተሓሳስባን ስምዒትን ዝጸሉ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገም እዩ።

ሓደ ሰብ ሓሳባቱን ስምዒታቱን ምስ ክውን ህይወቱ ከዛምዶ ካብ ዘይምኽኣል ዝተላዕለ ኣብ ሕልሚ ዓለም ዝጥሕሉን ካብ ማሕበራዊ ርክብ ዝግለሉን ኩነት ኣእምሮኣዊ ጸገም - ስኪዞፍረንያ እዩ።

ንጹር ዝኾነ ኣሃዛዊ ጸብጻብ ክትረክብ ዘኸኣልኳ እንተዘይተ፡ እዚ ኣእምሮኣዊ ጸገምዚ ንሓደ ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ከም ዘተንክፍ ግና ይግመት።

ስኪዞፍረንያ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ይኹን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ጸገም ኣእምሮ እዩ። ደቂ ተባዕትዮ ግና ኣብ ዓሰርተታት ዕድመኦም እዚ ጥዕናዊ ጸገምዚ ክማዕብሉ ይኽእሉ እዮም። ዝበዝሓ ደቂ ኣንስትዮ ግና ካብ ዕስራታት ዓመት ንደሓር ኣብ ዘሎ ግዜ እዚ ጸገምዚ ከርኢያ ይኽእላ።

**ስኪዞፍረንያ ክትከላኸሎ ይከኣልዶ?**

ስኪዞፍረንያ ንምክልኻል ዘኽእል ዝተረጋገጸ መጽናዕቲ'ኳ እንተዘየለ፡ ክኢላታት ሕክምና ከጋጥሙሉ ዝኽእል ተኽእሎታት ንምጽባብ መንገድታት ኣብ ምፍጣር ሓያሎ ጻዕርታት እዮም ዘካይዱ ዘለዉ።

ስኪዞፍረንያ፡ ብፍሉይ ኣብ ሰረት (gene) ጣልቃ እናኣተወ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ዝፈጥር ዝተሓላለኸ ሕማም እዩ። ኣብ ዕለታዊ ህይወት'ውን ከይተረፈ ከቢድ ፅንቅፋት ዝፈጥር ስነ ኣእምሮኣዊ ቀወሲ እዩ። እቲ ኩነታት ሳሕቲ ኣብ መላእ ስድራቤት ክልሕም'ውን ይርአ እዩ። እዚ ኩነታት ጠንቂ ክኸውን ዝኽእል ሓደ ዝተወሰነ ሰረት ወይ 'ጂን' ከም ዘየለ ግና ብሕክምናዊ መጽናዕትታት ክረጋገጽ ተኻኢሉ እዩ። ኣብ ገለ ግዳያት ናይዚ ሕማም'ውን፡ እቲ ስምዒታዊ ጸገም ካብ ስድራቤቶም ዝወረስዎ ምዃኑ ዝሕብር ምልክት ኣይርአን እዩ።

ገለ ሰባት ምስ ስኪዞፍረንያ ምትእስሳር ዘለዎ 'ጂን' ሃልዩምም ክውለዱ ተኽእሎታት ኣሎ። እዚ 'ጂን' እዚ፡ ድሒሩ እቲ ሕማም ክዛይድ ዝሎ ተኽእሎ ዝለዓለ ከምዘዕብሮ ኣብ ኒው የርክ - ኣመሪካ እትርከብ ክኢላ ሕክምና ኣእምሮ ጁሊኣ ሳሞዩን ትሕብር።

ገለ ሰባት ነቲ መፋጥርቶም ዝኾነ ሰረት ኣብቲ ዘካይድዎ ዕለታዊ ንጥፈታትን ልምድታትን ግቡእ ምክትታል ብምግባር፡ ናብ ሕማም ስኪዞፍረንያ ከይማዕበለ ክቆጻጸርዎ ከም ዝኽእሉ ይንገር። ገሊኦም ድማ ብሰንኪ'ቲ ዘካይድዎ ጥዕና ዘይብሉ ኣካይዳ እቲ ሕማም ከማህድዎ ይረኣዩ።

ኣብ ነፍሰጾር ምኳን ዝርአ ሓልኪታት፥ ረኽሲ፡ ወጥሪ ከም ኡ'ውን ካልኦት ጥዕናዊ ጸገማት ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ኣብቲ ዝውለድ ህጻን ስኪዞፍረንያ ክምዕብል ዝሎ ተኽእሎታት ከም ዘዛይዶ ይንገር።

ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ከም ሓዘን/ ቃዝናት ዝኣመሰሉ ወጥሪ ዘለዎ ኩነታት ምህላው ኣብ ልዕሊ'ቲ ሕማም ቀጥታዊ ተራ እዩ ዘለዎ። "ሓንቲ ኣደ ኣብ ግዜ ጥንሳ ሞት ናይ እትፈትዎ ቤተሰብ ብምጥጣሙ እትፈጥሮ ከቢድ ሓዘን፡ ኣብቲ ትወልዶ ዕሸል ስኪዞፍረንያ ክምዕብል ዝለዓለ ተኽእሎ ይፈጥር" ትብል ዶክተር ጁሊያ።

ኣብ ግዜ ቁልዕነት ዝጋጥም መጉዳእቲ ወይ ዓመጽ፦ ኣብ ቁልዕነቱ መጉዳእቲ ሓንጎል፡ ጓለንስይቲ እንተኾይና ድማ ጾታዊ ዓመጽ፡ ከም ኡ'ውን ከቢድ ሰንባደ ኣጋጢምዎ ምስ ዝፈልጥ፡ ብሕማም ስኪዞፍረንያ ብቐሊሉ ክጥቃዕ ይኽእል እዩ።

"ህጻን ቅድሚ 16 ዓመት ዕድመኡ ዘሰንበድ ኩነታት ምስ ዝርኢ፡ ኣእምሮኣዊ ቀወሲ ከጋጥሞ ዘሎ ተኽእሎ ብሰለስተ ዕጽፊ ዝዓበየ እዩ" ትብል ዶክተር ጁሊያ።

ግቡእ ኣልኮላዊ መስተ፡ ኣወሰፍቲ ቀመማትን ዕጹ-ፋርስን ምኳን'ውን ነቲ ጸገም መሊሱ ከም ዘጋድዶ ዶክተር ጁሊያ ወሲኻ ተዛረበ።

**ስኪዞፍረንያ ኣብ ቤተሰብና ምስ ዝርአ እንታይ ክንገብር ኣለና?**

ግዙእ ወልፍታት ካብ ምኳን ምሕራም፦ እዚ ልምዲ'ዚ ብፍላይ ካብቶም ኣብ ዕድመ ኮትትና ዝርከቡ ሰባት ክንጥንቀቐሉ ይግባእ። ኣልኮላዊ መስተ ንባዕሉ ጉዳእ ወልፊ ምኳኑ ኣስተብሂልካ ክተጉድል ተመሪጺ እዩ።

ካብ ዘሰንብዱ/ ዘርዕዱ ፍጻመታት ምርሓቕ፦ ስድራቤት ብዝግቡእ ኣብ ዝመሓደረሉ እዋን፡ ኣብ መንነቶም ኣቦላት ብዙሕ ኽጸን ጭኣሰን ክፍጠር ዘሎ ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ። ብፍቕርን ሓልዮትን ዝተሃንጸት ስድራ ኣብ ምክልኻል ስኪዞፍረንያ ልዑል ግደ እዩ ዘለዋ።

ድልዱል ዝኾነ ማሕበራዊ ርክብ ምፍጣር፦ ምምሕዛር ምስ ሰባት ዘለካ ርእሱ ተኣማንነት ስለ ዘዕቢ፡ ብወጥርን ጭንቀትን ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎታት የጉድሎ እዩ። ብሕትውና ስለ ዘይስመዓካ'ውን ህይወትካ ብስራሕን ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ዝተጸምደት ኢያ ትኸውን።

**ኣብ ኣካላዊ ብቕዓት ግቡእ ኣድህቦ ምግባር፦** እዚ ንምዕባይ ኣብ ኣመጋግባኻ ክትግደስ ኣለካ። ማዕረ-ማዕረኡ ግቡእ ምንቅስቓስ ኣካላት ክተዘውትር ይግባእ።

ዘይቲ ዓሳ ምምጋብ ዝበለጸ እዩ። ኣብ ዘይቲ ዓሳ ዝርከብ 'ኦሜጋ - 3' ዝተባህለ ስብሓዊ ኣሲድ ንጥዕና ኣእምሮ እቲ ዝበለጸ እዩ። ካብ ስኪዞፍረንያ ንምክልኻል ከም ዝሕግዞ'ውን ሓያሎ መጽናዕትታት የረጋግጹ።

ግንዛበ ኣብ ልዕሊ ስኪዞፍረንያ

- ስኪዞፍረንያ ምስ ምቕያር ሰብኣውነት ምትእስሳር የብሉን

ስኪዞፍረንያ (schizophrenia)፡ ከም ቃል 'ስኪዜን' (skhizein) ካብ ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል እዩ መጺኡ። ምምቃል ወይ ካብ ሓደ ነገር ምፍላይ ከም ማለት ክኸውን እንከሎ 'ፍረን' (phren) ድማ ኣእምሮ እዩ። ስለዚ ስኪዞፍረንያ፡ ዝተፈልየ ጠባይ ወይ ሰብኣውነት ዘለዎ ከም ማለት ይወሰድ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ሓደ ስኪዞፍረንያ ዘለዎ ሰብ 'ዝተፈልየ ሰብኣውነት' (split personalities) ከም ዘለዎ ገይርካ እዩ ክርአ ጸኒሑ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግና እቲ ሕማም ብንቑሕትካ ዝርአ ሕልሚ (ማለት ሃተፍተፍ) ከም ኡ'ውን ምስ ዝንፃዐ እምነት ምስ ምፍላይ ሰብኣውነት ዝኾነ ምትእስሳር ከም ዘይብሉ እዩ ዝግለጽ።

- ከምቲ ሙብዘሕትና ንርድኦ፡ ስኪዞፍረንያ ዘለዎም ሰባት ተራጻምትን ተጓዳእትን ኣይኮኑን

ስኪዞፍረንያ ዘለዎ ሰብ ተጓዳኢ፡ ተገረጫውን ተባኣሰን ገይርና ንወስዶ ብዙሓት ኢና። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ፊልምታት ዝላበሱ ገጸ ባህሪ ስኪዞፍረንያ፡ ሙብዘሕትኦም ረበሽቲ፡ ንኡብሶምን ንኻልኦት ሰባትን ሃሰይትን ተጓዳእትን ኮይኖም ይቐርቡ እዮም። እዚ ርድኢት'ዚ ግና ግጉይ ምዃኑ እዮም ክኢላታት ዝገልጹ። እቲ ልሙድ ግዳያት ስኪዞፍረንያ ዘርእይዎ ምልክታት፡ ምድንዛዝ ስምዒትን ሕጽረት ምግላጽ ስምዒታትን እዩ።

- ስኪዞፍረንያ ካልእ ሕማማት ክተጥሪ ዝሎ ተኽእሎ የብሉን

ግዳያት ስኪዞፍረንያ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ፡ ሕማም ሽኮር፡ ከም ኡ'ውን ብሰንኪ ጭንቀት ዝፈጠሮ ብዙሒ ምትካኽ ሽጋራ ዝመጽእ ሕማማት ሳንቡን ካልእን ብቐሊሉ ይጥቀዑ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ቅልጡፍን ግቡእን ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዘይረኽቡ፡ ግዳይ ሞት ክኾኑ ይኽእሉ።

ብዘውሓኸ፣ ስኪዞፍረንያ ዘለዎ ሰብ ነፍሰ-ቅትለት ክፍጽም ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

- ስኪዞፍረንያ ምስ ካልኦት ሕማም ኣእምሮ ሓቢሩ ክምዕብል ይኽእል፡

ስኪዞፍረንያ ዝሓመሙ ሰባት ዝተፈላለየ ዓይነት ሕማም ኣእምሮ ከማዕብሉ ይኽእሉ እዮም። ግዳያት ስኪዞፍረንያ፡ ከም ቃዝናት፡ ፍርሒ፡ ወጥሪ ወዘተ. ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ሙብዘሕትኦም ምልክታት ስኪዞፍረንያ ምስ ምልክታት ቃዝናት ዝተመሳሰለ እዩ። ክልቲኦም ነፍሰ-ቅትለት ክትፍጽም ምድላይን ኣብ ህይወት ግዱ ዘይምግባርን ዝኣመሰሉ ምልክታት የርእዩ።

**ጠንቂ ስኪዞፍረንያ**

ተመራመርቲ ጠንቂ ስኪዞፍረንያ ንምፍላጥ ሓያሎ መጽናዕትታት ኣካይዶምን የካይዱን ኣለዉ። ዛጊት ጠንቂ እዮም ኢሎም ዝገለጽዎም፡ ስነ-ሰረት (genetics)፡ ቅርጻዊ ለውጢ ኣብ ሓንጎል፡ ከሚካላዊ ለውጢ ኣብ ሓንጎል፡ ጥንሲ ወይ ናይ ወሊድ ጸገም፡ ኣብ ህጻንነት ዝርአ መጉዳእቲ ወይ ሰንባደ፡ ግዙእ ኣልኮላዊ መስተን ሓሽሽን ምኳን ወዘተ. እዮም።

ዝም ጠንቅታት ብግቡእ ምፍላጥ፡ እዚ ጥዕናዊ ጸገምዚ ተኣፊፍቲ ዝኾኑ ሰባት ኣየኖት ምዃኖም ንምልላይ ሓጊዚ እዩ። ብዘውሓኸ፡ ኣቐዲምካ ንምእላዩን ንምክልኻሉን የኽእል እዩ።

**ስነ-ሰረት (Genetics)**

ሓደ ካብቲ ዝለዓለ ጠንቂ ስኪዞፍረንያ ስነ-ሰረት እዩ። ስድራኻ ወይ ኣዝማድካ ስኪዞፍረንያ ዘለዎም ምስ ዝኾኑ ንስኻ ኣእምሮኣዊ ጸገምዚ ከተማዕብል ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ሓደ ንጹል ሰረት (gene) ጠንቂ ናይቲ ሕማም ክኸውን ከም ዘይክእል እዮም ተመራመርቲ ዘመልክቱ። ወሃደት ናይ ዝተፈላለዩ ስነ-ሰረት እዮም ስኪዞፍረንያ ከማዕብሉ ዝኽእሉ።

**ቅርጻዊ ለውጢ ኣብ ሓንጎል**

ብስኪዞፍረንያ ዝተጠቕዐ ሰብ፡ ካብቲ ጥዑይ ሰብ፡ ሓንጎሉ ዝተፈልየ ቅርጺ ክህልዎ ይኽእል እዩ። እዚ ቅርጻዊ ለውጢ ናይ ሓንጎል ግና ኣብ ኩሎም ግዳያት ናይዚ ሕማም ኣይረኣን እዩ።

**ከሚካላዊ ለውጢ ኣብ ሓንጎል**

ኣብ ሓንጎል ዝርከቡ ነንሕድሕዶም ዝተወሳሰቡ ከሚካላት ማለት ኒውሮትራንስሚተርስ (neurotransmitters)፡ ካብ ሓንጎል ናብ ዋህዮታት ኣካላትና መልእኽትታት ኣብ ምቅባል እዮም ዝጥዕሱ። ትሑት ወይ ዘይምዕሩይ መጠን ናይዞም ከሚካላት'ዚኦም ስኪዞፍረንያን ካልእ ኣእምሮኣዊ ጸገማትን ኣብ ምምዕባል ጠንቂ ከም ዝኾኑ እዩ ዝንገር።

ዶፓሚን (dopamine) ሓደ ካብ ከሚካላት ናይ ሓንጎል ኮይኑ፡ ዘይምዕሩይ ምስ ዝኸውን ብቐሊሉ ስኪዞፍረንያ ክፈጥር ይኽእል እዩ። ግሉታሜት (glutamate) እውን ካልእ ከሚካል ናይ ሓንጎል ኮይኑ ዓቐኑ ምስ ዝኸደል ጠንቂ ስኪዞፍረንያ ክኸውን ይኽእል።

**ጥንሲ ወይ ናይ ወሊድ ጸገም**

ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ዝረኣዩ ሓልኪታት፡ ንስኪዞፍረንያ ሓዊስካ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዕሸል ዝፍጠሩ ናይ ኣእምሮ ጸገማትን ካልእ ሕማማትን ሓያሎ እዮም።

- ትሕቲ ንቡር ክብደት ወሊድ፡
- ረኽሲ ኣብ ግዜ ጥንሲ፡
- ሕጽረት ኦክስጅን ኣብ ግዜ ሕርሲ (asphyxia) ወዘተ ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት'ውን ክፈጥር ይኽእል እዩ።

ኣብ ቁልዕነት ዝርአ መጉዳእቲ ወይ ሰንባደ

ኣብ ግዜ ህጻንነት ዝርአ መጉዳእቲ ወይ ሰንባደ (trauma) ስኪዞፍረንያ ከተማዕብል ጠንቂ ምዃኑ እዮም መጽናዕትታት ዘመልክቱ። እናተዘልሉን ምሕር እናተቐጥቀጡን ዝዓብዩ ሰባት ብስኪዞፍረንያ ብቐሊሉ ተጠቃዕቲ እዮም።


ብሞት፡ ብፍትሕ ወይ ብዝኾነ ካልእ ኩነታት ምስ ክልቲኦም ወለዶም ሓቢሮም ዘይዓብዩ ሰባት በዚ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገምዚ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝያዳ ምዃኑ'ውን መጽናዕትታት የመልክቱ።

ግዙእ ኣልኮላዊ መስተን ሓሽሽን ምኳን

ግዙእ ኣልኮላዊ መስተን ሓሽሽን ምኳን ንጠንቅታት ስኪዞፍረንያ ከም ዘዛይዶ መጽናዕትታት የመልክቱ።

ኩሎም እዞም ጠንቅታት፡ ኣብ ህይወትና ግቡእ ክንክን ዘይምግባርን ጥዕና ዘለዎ ኣካይዳ ሰዓን ምኽታልናን ዝስዕቡ ብምዃኖም፡ ስኪዞፍረንያ ንምክልኻል ኣብኦም ግቡእ ቆላሕታ ክንገብር ከም ዘለና ኣስተብህል!

ምንጪ፦ WebMed




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሸዊት ተኸለ

## ኣብ 'ብርቂ ማዕድናት' ዝተመርኮሰ ስምምዕ ኣመሪካን ዩክሬንን

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ዩክሬናዊ መዘናኡ ቮሎድሚር ዘለንስኪን ድሕሪ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ወጥሪ ዝመልኦ ርክባት፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ብዛዕባ 'ብርቂ ማዕድናት' (rare earth minerals) ዩክሬን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ ምሕብሩ ኣይርሳዕን።

ነቲ ስምምዕ ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታታት ገና ይቕጽል እኳ እንተሎ፡ ክልቲኦም ወገናት ግና ማዕድናት ዩክሬን ንምድህሳስ ዝሕግዝ ወፍሪ ብምውላ ክልቲኦን ሃገራት ክቶየድ ምኻኑን ኣታዊታቱ ድማ ከም ዝማቐሉዎን እዮም ሓቢሮም ዘለው።

ክልቲኦም መራሕቲ፡ ጎደኒ ጎደኒ'ቲ ዝሓለፈ ቀዳም ዝተፈጸመ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ፍራንቸስኮ፡ ኣብ ኢጣልያ ድሕሪ ዝቶየድዎ ርክብ እዮም ኣብ'ቲ ስምምዕ በጺሖም።

ይኹን'ምበር፡ ክልቲኦም ወገናት ብዛዕባ ኣቃውማ እቲ ስምምዕ ዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ዛጊት ኣይሃቡን ኣለው።

እቲ ስምምዕ ዝተበጽሐ፡ ትራምፕን ዘለንስኪን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት ኣብ ቤት-ጽሕፈት ቤተ መንግስቲ ኣመሪካ (ዋይት-ሃውስ) ኣብ ዘካየድዎ ርክብ ዘጋጠመ ርሱን ክትዕ ሰዒቡ ዝምድና ክልቲኦን ሃገራት ኣብ ዝተሓተ ደረጃ በጺሑ ድሕሪ ምጽንሑ እዩ።

ትራምፕ፡ ሃገሩ ናይ'ቲ ኣብ ኲናት ዩክሬንን ሩሲያን ዓወት ዩክሬን ንምውሓስ ዘውጸኣቶ ናይ ቢልዮናት ዶላራት ወተሃደራውን ቁጠባውን ሓገዛት ክትክሓስ ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ኣብ ልዕሊ ዘለንስኪ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ጸቕጢ ክገብር ከም ዝጸንሐ እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ትራምፕ፡ ዩክሬን ነቲ ምስ ሩሲያ ዝቶየድ ዘሎ ኲናት ደው ዘበል ስጉምቲታት ክትወስድ ብዘይ ምጽንሓ፡ ሞት በርጌሳውያን ዩክሬናውያን ይቕጽል ከም ዘሎ እውን ንዘለንስኪ ይወቅሶ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ቁጠባን ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ዩክሬን ዩልያ ስቪሪደንኮ፡ ነቲ ስምምዕ ንምኽታም ዝሓለፈ ረቡዕ ናብ ዋሽንግቶን ከም ዝምረሐት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ዩክሬን ደኒስ ሽሚሃል ኣብ ተለቪዥን ሃገሩ ቀሪቡ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ "እዚ ኣብ መንጎ መንግስታት ኣመሪካን ዩክሬንን ተበጺሑ ዘሎ ንሓባራዊ ወፍሪ ዝምልከት ስምምዕ ኣብ ምምዕባልን ምሕዳስን ዩክሬን ዝሕግዝ ኣበርክቶ ዘለዎ ኣህጉራዊ ስምምዕ እዩ" ኢሉ።

ሚኒስተር ቁጠባ ዩክሬን ዩልያ ብወገና ድሕሪ'ቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኤክስ ኣብ ዘርገሐቶ ጽሑፍ፡ እቲ ስምምዕ ምዕራባውያን ሃገራት ኣብ ፕሮጀክትታት ማዕድናት፡ ነዳድን ጋዝን ዩክሬን ወፍሪ ንኽገብራ ዝሕግዝ ናይ ዳግመ-ህንጸት መደብ እውን ከም ዘጠቓልል ገሊጻ።

ንሳ ወሲኻ፡ ዕደና ናይ'ቲ ባህርያዊ ጸጋታት ኣበይ ከም ዝቶየድ ብመንግስቲ ዩክሬን ከም ዝውሰን ሓቢራ። ከም ኣካል ናይ'ቲ ስምምዕ ከኣ፡ ኣመሪካ ንዩክሬን ስርዓት ምክልኻል ኣየር ዘጠቓልል ሓድሽ ወተሃደራዊ ሓገዝ ከተበርክት ምዃና ገሊጻ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ'ቲ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ዝርከብ ኣታዊታት፡ ክልቲኤን ሃገራት ግብሪ ዘይክፈሎ ናይ 50 ሚእታዊት ብጽሒት ክህልወን ምዃኑ፡ እታ ሚኒስተር ኣብሪሃ።

"ወፍሪ ጥራይ ዘይኮነስ ቁጠባዊ ዕብየትን ምህዞን ንምርግጋጽ ምሳና ክትሰርሕ ቃል ዝኣተወት ስትራተጂያዊት መሻርኽቲ ኢና ንረክብ ዘለና" ክትብል ድማ እታ ሚኒስተር ኣብ'ቲ ዘርገሐቶ ጽሑፍ ወሲኻ ሓቢራ።

እንተኾነ፡ ዋላ'ኳ እቲ ቀንዲ ነጥብታት



ናይ'ቲ እማመ ኣብቲ ስምምዕ ተኻቲቱ እንተ ሃለወ፡ ገና ክሰገር ዘለዎ መሰናኽላት ከም ዘሎ ግና፡ ሓደ ስሙ ክግለጽ ዘይደለየ ላዕለዋይ ብዓል-ስልጣን ዩክሬን ገሊጹ።

ኣመሪካ፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓኣ ወሰንቲ ዝበሃሉ ኑዩዲን ባህርያዊ ጋዝን ዝርከቦም ልዕሊ 20 ማዕድናት ንምርካብ ክትሰርሕ ከም ዝጸንሐት እዩ ዝሕበር።

ገለ ካብ'ቶም ኣብ ዩክሬን ዝርከቡ ማዕድናት፡ ኣብ ክንፊ ኣየር፡ ኢንዱስትሪ ጠፈርን ዝውዕል ታይታንዮም፡ ኣብ መመንጨዊ ኑክለስያዊ ሓይሊ፡ ናውቲ ሕክምናን ኣጽዋርን ዝውዕል ዩራንዮምን ደርኪቦምም። ብተወሳኺ፡ ዩክሬን ከም ሊትዮም፡ ግራፋይትን ማንጋኒዝን ዝኣማስሉ፡ ባትሪ ኤሌክትሮኒካውያን ተሽከርከርቲ ንምስራሕ ዝገልግሉ ማዕድናት ትውንን።

ዩክሬን እቲ መጀመርታ ቀረብ ዝበረ እማመ ናይ'ዚ ስምምዕ ንረብሓታት ኣመሪካ ዝያዳ ዘውሕስ ከም ዝኾነ እያ ክትገልጽ ጸኒሓ። በዚ ድማ ነቲ ስክፍታታት ንምፍታሕ ኣብ'ቲ እማመ ምትዕርራያት ክግበር ትምሕጸን ነይራ።

ብመሰረት ቀዳማይ ሚኒስተር ዩክሬን ግና፡ እዚ ገለ ምትዕርራያት ዝተገበረሉ ስምምዕ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ማዕረ ሽርክነት ዝፈጥርን ን10 ዓመታት ዝጸንሕን እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ክቶየድ ተወጢኑ ዘሎ ስርሓት ዝግበር ፊናንስያዊ ልውውጥ ብጥረ ገንዘብ ክቶየድን እቲ ዝበሃል ዘሎ ሓድሽ ወተሃደራዊ ሓገዝ ኣመሪካ ድማ ኣብ ብጽሒት ኣመሪካ ክቑጸርን ዝብል ነጥብታት ደርኪቦ።

ብተወሳኺ፡ እዚ ስምምዕ ቅድሚ ምፍራሙ፡ ንዩክሬን ዝተዋህበ ሓገዝ ኣመሪካ ኣብ ሕሳብ ከም ዘይኣቱ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ይኹን'ምበር፡ እዚ ብኽልቲኦን ሃገራት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ኣብ ግብሪ ቅድሚ ምውዓሉ ብብይቶ ዩክሬን ክጸድቕ ኣለዎ።

እዚ ስምምዕ ኣመሪካ ንኲናት ሩስያን ዩክሬንን ደው ንምባል እትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ምዕባለታት ኣብ ዘርኣየሉ ዘሎ እዋን እዩ ተበጺሑ ዘሎ።

"ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ቅድሚ ዝርርብ ሰላም ንዘቖርጹ ዘለዉ ተኾሲ ደው ናይ ምባል ጻውዒታት ይደግፎ እዩ" ዝበለ ኣፈኛ ክረምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ፡ ምቁራጽ ተኾሲ ቅድሚ ምትግባሩ ግና ገለ ክምለሱ ዘለዎም ሕቶታት ከም ዘለዉ ኣገንዚቡ።

ፑቲን ስምምዕ ሰላም ንምትግባር ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ምስ ዩክሬን ቀጥታዊ ዝርርብ ንምክያድ እውን ድሉው ምዃኑ፡ እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ሓቢሩ።

## እወታውን ኣሉታውን ሳዕቤናት ናይ'ቲ ስምምዕ

ኣመሪካን ዩክሬንን በጺሐንኦ ዘለዋ ኣብ ማዕድናት ዝተመርኮሰ ስምምዕ ንኽልቲኦን ሃገራት እወታውን ኣሉታውን ሳዕቤናት ከም ዘለዎ እዩ ዝሕበር። ገለ ካብ'ቲ ሳዕቤናት ምስ እንምልከት፡

ኣመሪካ፡ ብመንገዲ እቲ ስምምዕ ከም ግራፋይት፡ ታይታንዮምን ሊትዮምን ዝኣመሰሉ ብርቂ ማዕድናት ክትረክብ ትኽእል እያ፡ እዚኦም ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢንዱስትሪታት፡ ተሓዳሲ ጸዓትን ወተሃደራዊ መዓይን ዝውዕሉ ብምዃኖም፡ ቀጠባኣ ክልዕል ይኽእል እዩ።

ብተወሳኺ፡ እዚ ስምምዕ ኣመሪካ ምስ ዩክሬን ዘለዋ ስትራተጂያዊ ምሕዝነት ከተደልድሎ፡ ምምሕዳር ትራምፕ ጸጥታን ብልጽግናን ሃገሩ ንምምዕባል ዘለዎ ተወፋይነት'ውን ዘመልክት ክኸውን ከምዝኽእልን እዩ ገለ ወገናት ዝሕብሩ።

ይኹን'ምበር፡ እዚ ስምምዕ ኣመሪካ ኣብ'ቲ ዩክሬን ምስ ሩሲያ ተካይዶ ዘላ ኲናት ንዘጸንሐ ተሳትፎኣ ብዘይ ዝኾነ ንጹር ረብሓታት ዝያዳ ከዕምቖ ይኽእል እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣመሪካ ንኣገደስቲ ማዕድናት ዝያዳ ኣብ ዩክሬን ጽግዕተኛ ክትከውን ትኽእል እያ፣ እዚ ድማ ኣመሪካ ንጂኦፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ተቓላዒት ናይ ምዃን ሓደጋታት ከስዕቦ ከም ዝኽእል ይንገር።

ብተወሳኺ፡ እዚ ስምምዕ ኣብ ምሕደራ ሃብቲን ምክፍፋል መኽሰብን ዘይምርድዳእ ከስዕብ ይኽእል እዩ፡ በዚ ድማ ዝምድና ኣመሪካን ዩክሬንን ክተሓላለኽ ከምዝኽእል ይእመት።

ብወገን ዩክሬን ክርአ ከሎ ድማ፡ እቲ ምስ ኣመሪካ በጺሓቶ ዘላ ስምምዕ ቁጠባኣ ንኽሓዊ ክሕግዝ እዩ፡ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ'ቲ ምስ ሩሲያ ተካይዶ ዘላ ኲናት ቀጻሊ ፊናንሳውን ወተሃደራውን ደገፍ ኣመሪካ ከተውሕስ ትኽእል እያ።

እንተ ኾነ፡ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታታን ካብኡ እትረኽቦ መኽሰብን ምቁጽጻር ክትስእን ትኽእል እያ። በዚ ድማ፡ ቁጠባዊ ናጽነታ ክዳኸም ይኽእል እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዩክሬን ንቁጠባውን ፖለቲካውን ደገፍ ኣብ ኣመሪካ ዝያዳ ጽግዕተኛ ከም ትኸውን ክገብራ ይኽእል እዩ።

ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ጽንዓ ውሕስነት ጸጥታን ፍትሓዊ ውዕላትን ዘይብሉ እንተ ኾይኑ ኸኣ፡ ዩክሬን ጸጋታታ ካብ'ቲ ውዕል ወጻኢ ብኣመሪካ ዝያዳ ክምዝመዝ እዩ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ ሂወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይ ቀጥታ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 16:00 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመትሲት--ኮም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

ሪፖርታዥ

# ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ

ዳህላክ ነጋሲ

ስእሊ - ኣብርሃም በይን

ባሕቲ ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ “ኣፍራይነት፡ ብንቑሕ ተሳታፍነት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብሓመሰ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ G-3 ተዘኪሩ። ኣብቲ ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባርን ሚኒስተራትን ዲፕሎማሲያዊ ኣካላትን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኸብሉ ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ተዘኪሩ ውዒሉ። ብዘወሳኸ፡ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብርክት ዝበሉ መደባት ክካየዱ ከም ዝቖዩ ይፍለጥ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ቃል ፌደረሽን ኣሰራሕቲ ኤርትራ ዝሃቦ፡ ኣማኻሪ ሕጊ ኣቶ ሰለሞን ክፍለ ብወገኑ፡ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራን ፌደረሽን ኣሰራሕቲ ኤርትራን ክልተ ዝተፈላለየ ኣሰማት ዋላ እንተ ሃለዉ፡ ኣብ ባይታ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛን ኣሰራሕትን ንዝፍጠር ዘይምርድዳእ ብሰላማዊ መገዲ ኣብ ምዕራፉ ብሓባር ከም ዝሰርሑ ይሕብር። ድሕነት ሰራሕተኛታትን ትካላትን ንምሕላው፡ ብዝተዋጽኡ ኮሚተ ኣብ ውሽጢ ትካላት ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ምውሓስ ኣድማዒ ስርሒ ይዕየይ ከም ዘሎ ወሲኹ የፍልጥ። ማዕረ-ማዕረ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ተዋዲዱ ዘሎ ናይ ድሕነትን ጽሬትን መሳርሒታት፡ ከም መጥፍኢ ሓዊን ሳጹን ቀዳማይ ረድኤትን ህዘቢ ኣብ ኣጠቓቕማኡ ግቡእ ኣፍልጦን ንቕሓትን ክህልዎ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝዓይዱ ትካላት ስልጠናታት ምስ ዝወሃቦም፡ ንኽእለቶም ወገን ዕብየት ብምፍጣር ሃገር ክትብልጽግን ክትምዕብልን ዝድርኽ ምኻኑ የረድእ። ኣስዒቡ፡ “ወሃንቲ ትካላት ወይ ኣካየድቲ ስራሕ ምስ ሰራሕተኛታት ጥቡቕ ዝምድና ምስ ዝምስርቱ፡ ሰራሕተኛታት ናይ ዋንነት ስምዒትን ርድኢትን ሓዲርዎም፡ ርእይ ዕብየት ኣብ ትካላትን ሰራሕተኛታትን ይምዝገብ። ብኣንጻሩ'ዚ፡ ገለ ስሱዓት ወሃንትን ኣካየድቲ ትካላትን ንሰራሕተኛታት ግዲ ከይገብሩ፡ ኣብ ውልቃዊ ረብሓታቶምን ጥቕሚ ትካሎምን ጥራይ ኣተኪሮም ስለ ዝሰርሑ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ውድቀት ትካልን ሰራሕተኛታትን የጋጥሞም። ስለዚ፡ ኣሰራሕቲ ኣካላት ካብ ከምኡ ተግባራት ንኽቖጠቡ፡ ጥቡቕ ዝምድና ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ብምምዕባል፡ ካብ 'ኣነ' 'ንሕና' ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ቦታ ስራሕ ክዕቖን እወታዊ ለውጢ ከመዝግቡን ይኽእሉ።” ክብል ይገልጽ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሃሰሰ፡ ተራ ሰራሕተኛታት ኣብ ህንጸት ሃገር፡ ባህርያውን ሰብኣውን ጺጋታት ኤርትራ፡ ኣጕዳስትን ምሕያልን ምውዳብ፡ ስሩዕ ኣኼባታት ኣካላት፡ ታሪኽ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ተራኦም ኣብ ምዕዋት ቃልስን ምዕቃብ ናጽነትን ካልእን ዘተኩሩ 204 ሰሚናራት፡ ገምጋማት፡ ኣኼባታትን ርክባትን ከም ዝቖዩ ጸብጻብ ናይ'ቲ ኮንፌደረሽን የረድእ። ብፍሉይ ኣብ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ዘተኮረ መደባት ድማ፡ ንኣስታት 360 ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ዕዮን ቦታ ስራሕን ዝተኣሳሰር ስልጠናታት ኣብ ዞባ ማእከል፡ ዓንሰባ፡ ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ከም ዝተኻየደ ይሕብር። ብዙሓት ኣደታት ንመጽንሒ ህጻናት ደቀን ዝሸውን ትሕተ-ቅርጺ ብሰንኪ ዘይምህላው፡ ኣብ ስራሕ ይብድሃ ከም ዘለዋ ዝጠቕሰ'ቲ ጸብጻብ፡ ንምፍታሑ ድሮ መጸናዕቲ ተጻሪፉ ኣብ 2025 ግብራዊ ስጉምቲ ክወሰድ ምኻኑ ሰዓት ናይ'ቲ ኮንፌደረሽ ይገልጽ።

ካብዚ ብምቕጻል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ፡ ነቲ ዕለት ኣመልኪቱ ቃል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣሰሚዑ። ንሱ ኣብ መደረኡ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ምስ'ቶም ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ዓለም ዝርከቡ ሰራሕትኛታት ምሕዝነትን ደገፍን ንምርግጋጽ ከም እትብዓል ብምጥቃስ፡ ኣብታ ዕለት ከም ንብር ዝወሰዱ መሰረታውያን ኣምራት ከም ፍሉጥ ሰዓታት ስራሕ፡ ውሕስነት ዘለዎ ቦታ ስራሕ፡ ኣዕጋቢ ስራሕን ካልእን ንምርግጋጽ ይኸውን ንምውሓስ ብሰራሕተኛታት ዝተኻየደ ቃልሲ እትዝከረላ ከምኡ ድማ ኣብ መጻኢ ውሑስ ንኽኸውን ቃልሲ ዝሕይለላ ታሪኻዊት ዕለት ምኻና የብርሀ።

“ኣብ ኤርትራ ክብሪ ስራሕ እንታይ ምኻኑ ንፈልጥ ኢና። ኤርትራዊ ሰራሕተኛ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ሃገር ከም መሰረትን ዓንዲ-ሕቖን ኩይኑ፡ ሃገር ኣብ ምህናጽ ከሉ ዘገጠሞ ብደሆታት ብንቕሓት፡ ጻዕሪ፡ ጽንዓት፡ ተወፋይነት ገጢሙ እዩ። እታ እንበህጋ ብልጽግትን ሓያልን ኤርትራ ክውን ንምግባር ኣብ ቀጻሊ ጸምዶ ደርከብ። ብቐልጢፍ ዝምዕብል ዘሎ ስነ-ኪነታዊ ለውጥታት፡ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣሰራርሓን ዓለምለኻዊ ቀጠባዊ መቓይሮታትን ብሓይሲቲ ብደሆታት ይቕረብ ኣሎ። እዚ ስለዝኾነ፡ ነቲ ዘጋጥም ዘሎ ተርእዮታት ንእወታዊ ሽንኹ ምስ ደረጃ ምዕባለናን ዓቕምናን ክንፈልጦን ክንመልኮን ነቲ ኣሉታዊ ሽንኹ ድማ ሽለል ከይበልና ብንቕሓት ክንምክቶ ዘኸኣኽር መጸዋዕታ እዩ።

“ኣተኩሮና፡ ዝተጀመረ ሃገራዊ መደባት ትምህርትን ስልጠናን ምስ ቴክኖሎጅያዊ ምዕባለታትን ክዉንነትን ብዘዩ ኣገባብ ንክስስን ወይ ንክየቢ ብምስራሕ፡ ኩሉ ዜጋ ሞያ ብምዕጣቕ፡ ውሑስን ብሉጽን ህይወት ክነብር ዝቕየድ ጻዕሪ ምሕያል እዩ። ካልእ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ኩሉ ሰራሕተኛ፡ ድሕነትን ክብረትን ዘረጋግጸሉ፡ ኣዕጋቢ ስራሕ ዘውሕስ በብመድረኹ ፖሊሲታት፡ ሕግጋትን መምርሒታትን ምኽላስን ሓይስቲ ምድላውን እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ስሉሳዊ ዝምድና መንግስቲ፡ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ብምሕያል፡ ዝገጥሙ ብደሆታት ብቐጻሊ ብዘተ ንምፍታሑ ድሉዋት ብምኻን ክንሰርሕ ኢና” ድሕሪ ምባል፡ “ሕጂውን ዝበለጸ መጻኢ ክንሃንጽ፡ ብንቕሓትን ሓድነትን ናብ ዝተጸንዐ ዕላማና፡ ብስሙር ቅልጽም ኩሉ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ ንመርሽ” ክብል መደረኡ ዛዚሙ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሃሰሰ ምስ ልምዓታዊ መደባት ብዝተኣሳሰረ ካብ ወርሒ ሚያዝያ ክሳብ መስከረም ኣብ ዝበረ ንውሓት ግዜ ካብ 20 ትካላት ብዝተዋጽኡ ልዕሊ 4 ሽሕ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ዝተሳተፍዎ፡ ልዕሊ 14 ሽሕ ፈልስታት ኣብ ደምበ ዛውል ከም ዝተተኽለ ጸብጻብ ናይ'ቲ ኮንፌደረሽን የጽርዕ። ብዘይካ'ዚ፡ ማእቶታዊ መደባት፡ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠትን ስፖርታዊ ሰሚናራትን ዓውደ-ዘተን ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ምርኢት ገለ ካብ'ቲ ጉሉሕ ንጥፈታቱ ምኻኑ ይግለጽ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ምክትል ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣቶ ክብርኣብ ኪዳነ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት ኣብ ኢጋ ምዝዛም እቲ መደብ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ኣብዚ እዋን ዓለም-ስራሕ ኣብ ብዙሕ መዳያቱ ኣብ ወሳኒ መድረኽ ከም ዝርከብ፡ መልክዕ ዓለማዊ ዕዮ ብሰንኪ ሓይልታት ቴክኖሎጂ፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ሰደት፡ ኩናት፡ ምምዛብል፡ ምውሳኽ ብዝሒ ህዝቢ፡ ዝተኸስተ ደሞግራፍያዊ ለውጥታትን ቀጠባዊ ዶግመ-ወቀራን ተደሪኹ እናተለዋወጠ ይኸይድ ከም ዘሎ ይሕብር። እቲ ተርእዮታት ዓመት መጺኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዓለም'ውን ሓዲሽ ቅርጺ እናትሓዘ ከም ዝርከብ ወሲኹ የብርህ።


ኣቶ ክብርኣብ ኣስዒቡ፡ ጸብጻብ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ኣብ ዓለመ-ምቕጻር ዕዮን ማሕበራዊ ኣመታትን ናይ 2025 ከም ዘመልክቶ፡ ዓለማዊ ዕዳጋ ዕዮ ኣብ ከቢድ ጸቕጢ'ዩ ዝርከብ፡ እናዓረገ ዝመጽእ ዘሎ ዕዳን እናበኣሰ ዝመጽእ ዘሎ ክሊማዊ ለውጥን ንሱ ዘኸትሎ ዘሎ ዋጋ ከምኡ'ውን ጂኦፖለቲካዊ ወጥርታት ነቲ ህይወት ንምዝራእ ዝግበር ቃልሲ ሰራሕተኛታት ይዕንቅጾ ከም ዘሎ የጽርዕ።

ንሱ ወሲኹ፡ “ብደረጃ ዓለም ሸቕለት ኣልቦነት ከም'ቲ ዝበሮ ዘገም ይብል እንተ ሃለወ፡ ሓያሎ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ዘይወግዓዊ ጽላት ቀጠብኦን ከውሕደኦን ኣብ ስራሕ ዘጋንፍ ድኽነት ንክቕንጽሉን ይቃለሳ ኣለዋ። ትሑት ኣታዊ ኣብ ዘለወን ሃገራት ዝነብሩ መንእሰያት ገዚፍ ብደሆታት የጋንፎም ብምህላዉ'ውን እቲ ካልእ ዘሰክፍ ዓለማዊ ተርእዮ እዩ። በዚ ከኣ ኣስታት 45 ሚልዮን መንእሰያት ብሸቕለት ኣልቦነት፡ ስእነት ትምህርትን ስልጠናን ይሳቐዩ ኣለዉ። ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ትሑት ዕድላት ምቕጻር ስራሕን ዘዕምጉብ ኩነታት ስራሕን የጋጥመን ከም ዘሎ ይፍለጥ። እምበኣርከስ፡ ሰራሕተኛታት ክብሮም፡ ማዕርነቶም፡ ርትዓዊ ደሞዞምን ድሕነቶም ዝሓለወ ኩነታት ስርሖምን ንኽረጋግጹሎም፡ ኣዕጋቢ ስራሕ ኣብ ምርግጋጽ ሓቢርና ዓቲብና ክንሰርሕ ዘይሰግር ሕቶ ይኸውን። በዚ ከኣ ንኹሉ ዝሓቘፈ ዘላቕን ማዕርነት ዘረጋግጽ መጻኢ ንክህነጽ ይኽእል። ሃሰሰ ኣብዚ መዳይ ምቕሉል ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ። ምውዳብ መሰረታዊ ሕቶ ዝምድና ዕዮ ብምኻኑ፡ ዘይተወደቡ ሰራሕተኛታት ኣብ ምውዳብ፡ ዳግመ-ምውዳብ ማሕበራት ኣብ ምክያድን ናይ ንቕሓት መደባት ኣብ ምስራዕን ዕቱብ ስርሓት ተኻይዱ እዩ። ዋላ'ኳ ብዙሕ ዝዕየ ተሪፉ እንተሎ፡ ቀጻሪ ዝተወደቡ ሰራሕተኛታት ናብ 26 ሽሕ ክብ ብምባሉ፡ ሃሰሰ ከም ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት ይርእዮ።

“ኣብ ጸጸባሕ ዝምዕብልን ዝለዋወጥን ቴክኖሎጂ፡ ዲጂታላዊ መሳርሒታትን መሳለጥያታትን፡ ንሰራሕተኛታት ዝዓበየ ዕድላትን ብደሆታትን ሒዙ መጺኡ ዘሎ ተርእዮ እዩ፡ ነዚ ንምብዳህ ሰራሕተኛታት ኣብ ቀጻሊ ስልጠናታት ክሰትፉ፡ ባይታ ክጥጥሑሎምን ግድነታዊ ይኸውን። ሃሰሰ ኣብዚ መዳይ ብጾዘ፡ ስልጠናን ዓውደ ሞያታትን ዝፈላለ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ምስ'ኮን ዝርግሐ ዝበሮ ንልዕሊ 300 ሰራሕተኛታት ሞያውን ተኽኢካውን ስልጠናታት ክህብ ክኢሉ እዩ። እቲ ካብ ሰሙን ክሳብ 6 ወርሒ ዝዘርጋሕ ናይ 7 ዓውደ ሞያታት ስልጠና፡ ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን፡ ካልእ ንመራሕቲ መሰረታዊ ማሕበራት፡ ኣባላትን ካልኦት ዜጋታትን ዘተኩረ ነይሩ” ክብል ሰፊሕ መግለጺ ኣሰሚዑ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኮምሽን ባህልን ስፖርትን እትተኣጠፍ ጉጅለ ባህሊ “ሚሪሰ”፡ ብውልዶ ኣባላታ ኣቢላ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ኣቕሪባ። ከምኡ ድማ ንብሄራት ሃገርና ዝውክል ብዝተፈላለየ ጣዕሚ ዜማታት ክቕርብ እንከሎ፡ ብትልሂት እታ ጉጅለ ባህሊ እውን ዝተሰነየ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ኣዳራሽ ብደቂ-ኣንስትዮ ዝተዓለወ ኢደ-ጥበባዊ ስርሓትን ካልእ ምርኢትን ቀሪቡ ነይሩ። ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 135፡ ብደረጃ ሃገር ድማ ንመበል 34 ግዜኣ ትዝከር ኣላ።





ኣቶ ሰለሙን ክፍለ



ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ



ኣቶ ክብርኣብ ኪዳነ



# ማህደር ጀጋኑ


ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

2ይን መወዳእታን ክፋል

## ሰብ ክለብ ትራንዚት

**ሞያ ናይ ፊዝዮተራፒ ብኸመይ ጀሚርካዮ?**

ኣካላዊ ምንቅስቓስ (ፊዝዮተራፒ) ኣካል ሕክምናዊ ፍወሳ ኮይኑ፡ ደጋፊ ናይቶም ከፊላዊ ይኹን መላእ ኣካሎቶም ጉድኣት ዝወረዶም ሰባት እዩ። ውድብ ህዝባዊ ግንባር እምበኣር፡ ዚ ኣገዳሲ ፍወሳ'ዚ ኣድላይነቱ ብምርዳእ፡ ኣብ ኣባላት ስንኩላን ኩናት ዘጋጥም ጸገም ንምውጋድ ቡብእዋኑ ሞያውያን ኣሰልጢኑ ክኢላታት ክምድብ ጸኒሑ እዩ።


ዑ/ገብሪኤል ኪዳነ ዑቕቡ

ኣቐዲሞም ዚ ሞያ'ዚ ቀሲሞም ክሰርሑሉ ዝጸንሑ ብጾት፡ ተስፉ ገብርሂወት፡ ኣኽበረት ተስፋይን ኣስመሮምን እዮም። ካብ ደገ ብዙመጽኡ መምህራን ሞያ ዓጢቖም ሰሪሖምሉ። ንዚያዳ ኣድማዕነት ከኣ ብዓቕሚ ውድብን ብምትሕብባር ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ሓፋሽ ውድባትን ብዶላር ዝኽፈላ ካብ ኤውሮጳን ስካንድናቭያንን ብዝመጽኣ መምህራን ንተወሰኑ 11 ተጋደልቲ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝኸደ ስልጠና ተዋሂቡ። ብኽልስ ሓሳብን ግብራዊ ትምህርትን ስልጠና ናይ ዝወሰድና ኣሰማት ተጋደልቲ ንምጥቃስ፡

ስውእቲ ኣመዛወርቲ የሴፍ፡ ግምጃ ንጉሰ፡ ጓል ማእሌ፡ ኣለም ኪዳነ (ጋዩ)፡ እሰያስ ወልደሚካኤል፡ የሴፍ ጸጋይ (ጆበ)፡ ሃብቶም የሃንስ (ጃኒ)፡ ረዘነ መብራህቱ፡ ተስፉ ገብረሂወት (ኡኖ)፡ ገብርሂወት ተኽለ (ወዲብላ)፡ የማነ ሃገራይ (ወዲ ሃገራይ)፡ ብርሃ ሓየሎም (ማንጁስ)፡ ሰራቅ ገብረመስቀል ነበርና።

እተን ክልተ ጸዓዱ መምህራንና፡ በበእብረ እየን ምሃረናና። እታ ሓንቲ ፍርቂ ናይቲ ኮርስ ምስ መሃረትና እታ ኻልኣይቲ ተቐቢላታ ኑቲ ዝተረፈ ፍርቂ ዛዚማትዮ። ሓንቲ ካብተን ክልተ መምህራን ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ፊዝዮተራፒ ዝተማህረት እያ።

ሓሊፉና ንገሰ በርሀ፡ "ሰራቅ ኣብዚ ፊዝዮተራፒ ክትማሃር ኢኻ" ኢሉ ክገልጸለይ ከሎ፡ ሰለሰ መዓልቲ ኣቢላ እያ ነይራ። ቅድሚኡ ረቡዕ መዓልቲ ኸኣ ትምህርቲ ስእሊ ንኽመሃር ካብ ፖርት ሱዳን ናብ ሜዳ ተበጊሰ ተባሂለ ነይረ። ስእሊ ናይ ምስኣል ዝንባለ ስለ ዝነበረኒ ምሉእ ኣቓልቦይ ናብታ ናይ ስእሊ ስልጠና ኣቕኒዐ ነይረ። ሓደሽ ናይ ፊዝዮተራፒ መደብ ትምህርቲ ምስ መጽኣ ኣይተሓጎስኩን። ጥቕሙ ስለ ዘይተረድኣኒ ሕማቕ ተሰሚዑኒ ነይሩ። ድሓር ንገሰ ከኻታተይ ርእዩ፡ "ሰራቅ፡ እዘን መምህራን ብዶላር እየን ዝኽፈላ፡ ድሓር ኣይትረኽበንን ኢኻ፣ ስእሊ ግን ምሳኻ'ዩ ዘሎ ተርክበሉ ኢኻ" ኢሉ ኣረዲኡኒ።

ፊዝዮተራፒ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሞያ እዩ። ሓደ ብጻይ ብዓል ምሉእ ጥዕና ኮይኑ ክንቀሳቐስ ጸኒሑ ጠንቂ ብዘዮገድስ ሃንደበት ክፋል ኣካሉ ክሰንክል ከሎ ሞራሉ ክትንክፍ ይኽእል እዩ። ነቶም'ቶም ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ሓገዝ ክኢላ ናይ ፊዝዮተራፒ የድልዮ። ኣእምሮኡን ኣካሉን ምኽርታትን ምንቅስቓሳትን እናሃብካ ምሕጋዝ የድልዮ። ኣብ ዓራቱ ከመይ ገይሩ ከም ዝዀምጠል ተለማሚዱ፣ ድሕሪኡ ኮፍ ምባል፣ ድሕሪኡ ናብ ዓራት ከመይ ይድይብን ካብ ዓራት ናብ ዊልቸር ከመይ ይስቀልን ከምኡ'ውን ካብ ዊልቸር ከመይ ደው ይብልን ካለብር ሓጺን ኣብ መሓወር ዝኣቱን ካብ ዊልቸር ናብ ሽቓቕ ብኣንጻሩን ከም ዝኸይድ ትገብሮ። ወዲቑ ባዕሉ ሓፍ ከም ዝብል ትገብር፣ ኣስካላ ከም ዝድይብ፣ ኣብ ፓራለል ተለማሚዱ'ሞ ድሕሪኡ ብናቱ መንፍዓት ምንቅስቓስ የማዕብሎ።

ንሓደ ኣካሉ ጉዱእ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን ዘድልዮ፥ ኣእምሮኡን ኣካሉን ምኽሪታትን ምንቅስቓሳትን እናሃብካ ጥራይ ብምሕጋዝ ኣኻሊ ኣይኮነን። መሳርሒታት'ውን ክትቀርበሉ ኣሎካ። ዚ ንምምላእ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ስንኩላንን ኣባላትን ብዙሕ ሰራሕ ይሰርሕ ነበረ። ንኣብነት በረኸትን ጀማልን ናይ ቻክለስታ ነገራት ክኢላታት እዮም። ንባዕላቶም ኣብ ዊልቸር ኮይኖም ብሸክለታታት የዐርዩ። ስለ'ዚ፡ ብዘይካ'ቶም ኣባላት፡ ተኣለይቲ ስም ሃልዩዎም ኣዝዮም ክኢላታት ናይ ሓጺን፡ ዕንጨይትን ቆርበትን ከም ብዓል ተስፋይ ብርሃ (ጀማል)፡ መሓመድ፡ ብርኽቲ ወልደሚካኤል፡ ግርማይ መንግስትኣብ፡ ኣቦዲ ግርማይ፡ ተከኤ ተስፋኣለም፡ ምሉጌታ፡ ኣስገዶም ወዘተ ካብቶም ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሞያዊ ኣበርክቶ ዝበርዎም ዘለዉን እዮም።

**እታ ኣብ ፖርት ሱዳን ዝነበረት ክሊኒክ እንታይ ትመስል ዓቕሚ ነይሩዋ?**

እታ ሕክምና ክሊኒክ እዩ መጸውዕኣ'ምበር ሆስፒታል እያ ነይራ። ኣብኡ፡ መዝገር ውሽጣዊ ኣካላት (ኢክስረይ) ቤት መብጣሕቲ (ኦኣር) ቤትፈተነ (ላብራቶሪ) ሰብ ዝሰርሐ መሓወር (ካሊፐር) ቤት-መድሃኒት (ፋርማሲ) ሓጻቢት ክዳውንቲ (ላውንድሪ) ጸገና ብሽክለታ፡ መኪና፡ ራድዮን ኤለክትሪክን፣ ስፌት ክዳንን ቆርበትን፣ ስሩዕ ቤትትምህርቲ ዓረብ፡ ተግርኛን እንግሊዝኛን ዘማልኣት 30 ዝኾኑ ሓካይምን ኣለይትን፣ ከምኡ'ውን ዝተማሓየሸ ኣካላዊ ብቕዓት ዝበርም ተኣለይቲ ነበሩዋ። ብተወሳኺ ካብ መደበር ሰለሙና ሜዳን ፖርትሱዳንን ስዋኪንን ብዝመጽኣ ኣደታት ይኣየድ ነይሩ።

**- ህንጻ ስንኩላን ኩናት ተጋደልቲ ኣብ ፖርት ሱዳን ብሓፈሻ ከመይ'ዩ ዝመስል?**

እቲ ህንጻ ናይ ሓደ ውልቀሰብ ኮይኑ ንላዕሊ ክልተ ደርቢ ኣለዎ። ህዝባዊ ግንባር ካብቲ ውልቀሰብ ተኻርዩ እዩ ኣብኡ ስንኩላኑ ዘእሊ ዝነበረ። እቲ ህንጻ ኣብ "ትራንዚት" ዝበሃል ከባቢ ናይ ፖርት ሱዳን እዩ ዝርከብ። ማይ መብራህቲ ምሉእ ኣገልግሎት ነይሩዎ። ብዝይካ'ዛ ዓባይ ኣብ ፖርትሱዳን ትርከብ ርሻን ከም ተወሳኺት ኣብ ስዋኪን - 60 ኪሎሜተር ካብ ፖርትሱዳን ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቦታ- እንዳ ስንኩላን ተጋደልቲ ነይሩ።

መጸውዒ ናይ'ዛ ኣብ ምምሕዳር ደንደን ቀጽሪ መንበሪ ስንኩላን ኩናት ዝመስረትናያ ክለብ፡ ካብ መጸውዒ ከባቢ ህንጻ ስንኩላን ኩናት ተጋደልቲ ፖርትሱዳን ዝርከበሉ ቦታ ዝተወሰደ እዩ። ነዛ ክለብ ስንኩላን ኣስመራ "ክለብ ትራንዚት" ኢልና መጸውዒ ሂብናያ። ማሕበራዊ ጉዳይ እዩ ዘኪታተለና ነይሩ። ብሓፈሻ ከሉ መደበር በሎ ሕክምናና ዝተማልአ ቀረብት ነይሩዎ። እዚ ህንጻ'ዚ ብክሊኒክ ዝፍለጥ'ኳ እንተኾነ ግን ማእከል ተሃድሶን ሕክምናን ነይሩ ምባል ይምረጽ።

**- 24 ሰዓታት ናይ ሓንቲ ዕለት ብኸመይ ዝበለ ዓይነታት መደባት ትሓልፍ ነይራ?**

ኣብ ፖርት ሱዳን ዕለታዊ ህይወትና ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ነሕልፍ ነይርና። ስራሕ ንግሆ ሰዓት 4:30 ይጅመር። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣጋውብ ኩሉ ኣካለ ስንኩል ኣብ ዓራቱ ከሎ ሃንቀሳቐሶ። ትምህርቲ ኩሉ ሰብ'ዩ ዝማሃር፣ ኣብ

መንነ ስንኩላንና ናይ ኩሉ ዓይነታት መምህራን ነይሮምና። ብቛንቋታት ዓረብ፡ ትግርኛን እንግሊዝኛን። ስውእ ዑቕባጋብርኤል ኪዳነ ተማሃራይ


ሱዳናዊ ዋና ህንጻ መንበሪ ስንኩላን ኩናት ኣብ ኣስመራ

ዩኒቨርሲቲ ነበር ንዓዕ መምህር ነይሩና። ንዓና ክምህር ኣይደቅስን እዩ። ስውእ ዐሶማን ማዕጡቕ ናይ 1975 ተጋዳላይ ዓረብ ይምህረና ነይሩ። ብህይወቱ ዘሎ እብራሂም (ወዲሳልም)፡ ተከኤ ተስፋኣለም፡ ዓንደማስቀል ኣብርሃ ይምህሩ ነይሮም።

ብመንጽር ግዜ ቀደም ተኸቲልና ክንርእዮ ከለና፥ መጀመርታ ፊዝዮተራፒ፡ ድሕሪኡ ቁርሲ፡ ቀጺሉ መደብ ትምህርቲ፡ እንደገና ሰዓት 11 ቀትሪ ኑዩም ሓገዝ ዘድልዮም ብጾት ኣብ ዓራቶም ከለዉ ኣንቀሳቒስካ ድሕሪኡ ምሳሕ የርክቡ። ሓሙስ ሓሙስ ኣብ ባሕሪ ምሕንባስ ኣሎ። ርሕቐት ናይቲ ባሕሪ ሸሞንተ ኪሎሜተር ኣቢሉ ይኸውን። ምሕንባስ ባሕሪ ብኸምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣጋውብ ኣባላትን ስንኩላንን ንሕንብስ ነይርና።

ኣብ መጀመርታ፡ ኤርትራውያን ኣደታት ፖርት ሱዳን ካብታ ከተማ ቀዳም ቀዳም ተጠርኒፈን ብምምጻእ ክዳውንቲ ስንኩላን ኩናት ይሓጽባ ነይረን። ድሕሪኡን ባዕልና ንቕጽሎ። ጸኒሑ ግን ላውንድሪ (ሓጻቢት) መጺኣትና። ናይ ኣጭርቆቲ (ክዳውንቲ) ጸገም ዝበሃል ኣይነበረናን። ከምዚ ጽዕነት ሓሳር፡ ጦንዲታት ክዳውንቲ ብጽዕነት መኪና ይመጽእ'ሞ ኣብቲ ኮሪደር ህንጻና ትምጥጦ፡ ኣብኡ ይፈሰ።

ባህላዊ ምርኢትን መዘናግዕን ብኣላይነት ወልደስላሰ ዑቕባዝጊ (ዓጽማይ) ይቐርብ ነይሩ። ብሓፈሻኡ ንማዝናግዒ ጥራይ ክሳብ 1200 ጅኔ ወርሓዊ ወጻኢ ይግበር ነይሩ።

ስንኩላንና ካሊፐር ከም ድላዮም ክድይቡ ክወርዱ ኣስካላ ይሰብሩ። ማይና ከም ድላይና፣ ቁጽሪ መብራህቲ ኸኣ ናይ ማይ ስማዊ እዩ ንኽፈል። ኤለክትሪክ ናይ ከተማ'ኳ ነይሩ እንተኾነ ኣብ ርእሲኡ ናትና ጀነሬተር ነይሩና። ንሕና ነጥፍኦ ማይ ማእሊያ የብሉን። ሃሩር ስለ ዝኾነ ንጽሬት ብኣውር ዝሓልኽ ማይ ጠገለ ኣይነበርን። ሓደ ሓደ ግዜ ግራቭቲ ስለ ዘይክም ካብቲ ቀንዲ መስመር ዲናሞ ኣእቲና ማይ ስሒብና ቦጣትና ንመልእ። መንግስቲ ኸኣ ብዋጋ የኽፍለና።

ብቐንዱ ሰዋኪን ህዝባዊ ግንባር እዩ ዝጥፈላ ዝበረ። ኣብቲ ጥቓኡ ባሕሪ ገለ 70 ዝኾኑ ክፋል ስንኩላንና ናብቲ ገምገም ባሕሪ ሰዋኪን ዝኸዱሉ ግዜ ነይሩ እዩ። ኣብኡ ግዘውቲ ተሰሪሖሉ፡ ክራይ ነይሩዎ ክኸውን ይኽእል ግን መን ኢኻ ዝበለካ የለን። ንኣብነት ኣብቲ ትሕተና ግዛ እንዳ ኮሎኔል ነይሩ፣ ግን እቲ ኮሎኔል ሓንቲ መዓልቲ ምሳና ብሕማቕ ተዛሪቡ ኣይፈልጥን። ኣብታ ፓላስና ምሳና እናሃለው፡ ሓዩሩ ኣብ ታሕቲ ንሕና ኣብ ላዕሊ ነይርና። ግን ወይ ንሱ ወይ ሰበይቱ ተዛሪቦምና ኣይፈልጡን። በቃ! ንፖርት ሱዳንን ሰዋኪንን ከም ገዛና መሪትናን ተገልጊልናሉ። ጎረቤትካ ወይ ሓው'ውን ከምኡ ገይሩ ኣይፈቕደልካን። ውዕለት ህዝቢ ሱዳን ንሰውራ ኤርትራ ደኣ'ሞ ገለጽካን ኣማስገንካን ይውዳእ እዩ!

ንኩብረሉ ናይ ዝበርና ዋና ህንጹ ድሕሪ ናጽነት ናብ ኣስመራ መጺኡ ነይሩ። ኣስካሉ (ጓል መንቀርየስ) እውን ረኺቡዎ ነይሩ። ሽዑ ብጸይቲ ኣስካሉ መንቀርየስ ሓላፊት ማሕበራዊ ጉዳይ እያ ነይራ። መጀመርታ ካብ ዝበሩ ሓለፍትና ሓደ ጸጋይ እዩ። ድሓር ንገሰ፡ ካብ ሓካይም ደማ ቀዳማይ ተስፋይ ተስፋጼን ኣሚና ኑርሑሴን (ሕጂ ሚኒስተር።)

**- ኣብ መወዳእታ ከተመሓላልፎ ትደሊ እንተሎ?**

ኣብ ናይ ቀዳመይቲ ቃለመሕትት ዝሓለፈ ዓርቢ ዝወጸኣት ክፋል ናይ ዕላልና መእረምታ ኣለትኒ፥ ኣቦይ ኣብ 1976 ኣብ ግርግሱም ዘይኮነ ኣብ "ግምሩክ" ይሰርሕ ነይሩ ተባሂሉ ክትእረመለይ እዘኻኽር።


ኣባላት ሕክምናን ኣለይትን (ፖርት ሱዳን)


ስንኩላንን ኣደታት ፖርት ሱዳንን

ሃወልቲ
ናጽነት ደስበለ - ሰምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Senior Maintenance Planning Engineer** |
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine.** |
| **Reporting to:** | **Maintenance Superintendent/ Mine Manager** |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | This role is crucial for ensuring the smooth operation and reliability of mining equipment, contributing to the overall success of the mining maintenance department. The maintenance planning engineer requires a combination of technical expertise, strong leadership, and effective problem-solving skills to ensure the successful management of maintenance operations in mining environments. |
| **Responsibilities** | 1. Maintenance Planning:<br>o Develop and implement maintenance plans for both underground and open pit mining operations.<br>o Schedule preventive and corrective maintenance tasks to ensure equipment reliability and minimize downtime.<br>o Coordinate with maintenance teams to execute planned maintenance activities efficiently.<br>2. Equipment Management:<br>o Oversee mining equipment maintenance, including heavy machinery, light vehicles, and fixed installations.<br>o Monitor equipment performance and identify areas for improvement.<br>o Ensure compliance with the manufacturer’s standards and industry best practices.<br>3. Project Management:<br>o Manage maintenance projects, including major component change-outs and equipment upgrades.<br>o Prepare and manage budgets for maintenance activities and projects.<br>o Track project progress and ensure timely completion within budget constraints.<br>4. Data Analysis and Reporting:<br>o Maintain accurate records of maintenance activities and equipment performance.<br>o Analyse maintenance data to identify trends and optimize maintenance strategies.<br>o Prepare reports on maintenance metrics and project status for management review.<br>5. Safety and Compliance:<br>o Ensure all maintenance activities comply with safety regulations and standards.<br>o Conduct regular safety audits and risk assessments.<br>o Implement and enforce safety protocols to protect personnel and equipment<br>6. Team Leadership:<br>o Lead and mentor a team of maintenance planners and technicians.<br>o Provide training and development opportunities to enhance team skills and knowledge.<br>o Foster a collaborative and productive work environment. |
| **Qualification** | 1. Education:<br>o Bachelor’s degree in engineering (Mechanical, Electrical, or related).<br>o An advanced degree (Master’s, MBA, or Project Management) is a plus.<br>2. Experience:<br>o Minimum of 8-10 years of maintenance planning experience, focusing on mining operations.<br>o Proven experience in both underground and open pit mining environments.<br>o Demonstrated leadership experience in managing large projects and teams. o Experience with Pronto and related equipment maintenance scheduling software<br>3. Skills:<br>o Strong leadership and team management skills. o Excellent problem-solving and analytical abilities.<br>o Proficiency in maintenance management software and tools.<br>o Knowledge of safety regulations and best practices in mining. 4. Personal Attributes:<br>o Strong communication and interpersonal skills. o Ability to work under pressure and manage multiple priorities. o Commitment to continuous improvement and innovation.<br>4. Personal Attributes:<br>o Strong communication and interpersonal skills.<br>o Ability to work under pressure and manage multiple priorities.<br>o Commitment to continuous improvement and innovation |
| **KEY Challenges** | 1. Equipment Reliability:<br>o Maintaining the reliability and performance of mining equipment, which can be subject to harsh conditions and heavy usage.<br>o Addressing frequent breakdowns and ensuring timely repairs to minimize downtime<br>2. Transitioning Between Mining Types:<br>o Managing the transition from open pit to underground mining involves different operational challenges and equipment requirements.<br>o Training personnel to adapt to new environments and technologies. |


Continued on page 7

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Continued from page 6

Zara Mining
Share Company

| | |
|---|---|
| | 3. Resource Allocation:<br>○ Efficiently allocating resources, including manpower and materials, to meet maintenance demands across both mining operations.<br>○ Balancing budget constraints while ensuring high standards of maintenance.<br>4. Communication and Coordination:<br>○ Coordinating maintenance activities across different teams and departments to ensure smooth operations. O<br>○ Effective communication with stakeholders, including contractors and vendors.<br>5. Continuous Improvement:<br>○ Driving continuous improvement initiatives to enhance maintenance processes and<br>○ Staying updated with industry trends and best practices. |
| **Required Skills** | ○ Technical Expertise: In-depth knowledge of underground mining equipment and systems.<br>○ Planning Tools: Proficiency in maintenance planning such as SAP, Pronto, JD Edwards, or similar platforms.<br>○ Problem-Solving Skills: Ability to troubleshoot complex issues in challenging underground environments.<br>○ Certifications: Beneficial certifications include CMRP (Certified Maintenance and Reliability Professional) , and Lean Six Sigma |

**Salary:** according to the Company's salary scale.

**Place of work**: Zara Mining Share Company Koka Gold MineZoba Gash Barka

**Additional Requirement for nationals**: - Having fulfilled or been exempted from National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Having finished registration and performing duty for the National Army, present the release paper or registration card issued by the National Army. Present a Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview.
Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO: P. O. Box 2393. Asmara,**

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272.

Deadline for application: Seven days from the day of announcement.

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሰለሞዊት ኣፈወርቂ ኢሳቕ፡ ተኸሳሲ ርቢል ኩበርም ግርማይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ ግዝጁ ስዩም በርሀ፡ ተኸሳሲ ተስፋሚካኤል ተኽሉብርሃን፡ ብመሰረት ዝፈጸምናዮ ውዕል መሸጣ መኪና፡ ስም ዋንነት መኪና ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክትፍጽም ክውሰነለይ ዝብል ክሲ ስለ ዘቕረብኩልካ፡ 3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ቶማስ መብራህቱ ርእሶም፡ ተኸሳሲት ሄለን በረቐ ወልደጊዮርጊስ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣመልካቲት ኣርያም ማሰፍን በሃን፡ ኣቦይ ኣቶ ማሰፍን በሃን ጉብርሂይወት ካብ 1991 ጀሚሩ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ከምኡ'ውን ሓወቦታተይ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/በሃን ጉብርሂይወት 1. ኣቶ ማሰፍን በሃን ጉብረሂይወት 2. ኣማረ በሃን ጉብርሂይወት 3. ኣበባ በሃን ጉብርሂይወት 4.የሻረግ በሃን ጉብርሂይወት 5.እቴቫሽ በሃን ጉብርሂይወት 6.ገዙን በሃን ጉብርሂይወት ካብ 1994 ደሃይ ስለ ዘይብሎም፡ ጥፉኣት ተባሂሎም ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሃይለማርያም ሚካኤል ስዩም፡ ነፍ/ሄር ኢልሳ ሚካኤል ኣረጋዊ ዝወለደትኒ ህያብ ዋንነታ ንዘሎ፡ ብቑጽሪ ንግዲ ፍቓድ AS1000 38995 ቁጽሪ መዝገብ ASR00036332 ብስማ ዝተመዝገበት ኤሌትሮኒካዊ ኣቑሑ መሸጣን መጸገንን ትካል ምስ መሳርሒት ንብረታ ዝለበትኒ ስለዋ ይጽደቐለይ፡ ከምኡ'ውን ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሜላት ጎይትኦም ኣረየ፡ ንያት ጎይትኦም ኣረየ፡ መርከብ ጎይትኦም ኣረየ፡ ሻም ጎይትኦም ኣረየ፡ ሰምሃር ጎይትኦም ኣረየ፣ ብሞግዚቶም ወ/ሮ ለምለም ከሰተ፡ ስም ኣቦና ጎይትኦም ኣረየ ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ መሓመድኑር ኣረየ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓልሓለ

ኢብራሂም ዓሊ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ኢብራሂም ዓሊ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ኣቶ ተኽለማርያም የውሃንን ሓይለሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ተስፋማርያም የውሃንስ ሓይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ዳዊት ጉብረመድህን ክፍላይ፡ ኣቦይ ጉብረመድህን ክፍላይ ዓንዶም ስለዝሞተ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም ምሕረት ግርማይ ዞሚካኤል (ሞግዚት) ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋረን ASL00042671 ዝሾ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ኣክለጉዛይ ቁ.ገዛ 54 ዝርከብ ናይ መሸጣ ስፉይ ክዳውንትን ከሰሞቲክስን (ቡቲክ) ትካለይ፡ ንኣቶ ኢሰይያስ ጉብረኪዳን ሃይለሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና ዓዲ ኣብይቶ ቁ.ገዛ 146 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ምሕረት ግርማይ ዞሚካኤል (ሞግዚት)

# ዛዕባ ሎሚ

## ሃንቀሃንቃ ባሕሪ - ዛንታ በዓቲ ኣለጎሪ

ሱልጣን መሓመድሰዒድ

(2ይ ክፋል)

### ኢትዮጵያ ኣብ 20 ክፍለዘመን

ኣብ መፈለምታ 20 ክፍለ ዘመን፡ ምልእቲ ኣፍሪቃ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኤውሮጳ ኣትያ እንከላ፡ ርበርት ፒት ስኪነር ዝተባህለ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጠቕላሊ ቆንስል ኣብ ሃገረ ፈረንሳ፡ ኣብ ወደባዊት ከተማ ማርሲይ ቤት ጽሕፈት ደኲኑ ነበረ። እዚ ኣመሪካዊ ዲፕሎማስያዊ'ዚ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ናብታ ዕመር ንግዳዊ ንጥፈታት ዝነበራ ወደባዊት ከተማ ዝበጽሓ ጥረ ነገራት ኣቓልቦኡ ሰሓቦ፡ ዝያዳ መጻናዕቲ ክገብርን ምንጪ ክፈልጥን'ውን ኣንቀደ። ካብተን መራኸብ ዝራገፋ ዝነበረ ዝተፈላለየ ዓይነት ዘህርፍ ሸቐጥ ምስ ተዓዘቡ፡ ኤውሮጳ ካብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብእትጓርቶ ዝነበረት ጸጋታት ክሰዕ ክንደይ ዓቢይ መኽሰብ ትሓፍስ ምህላዋ ተሰወጦ። ከም ሰብ ድማ ሃገሩ ተኻፋሊት ናይዚ ጸጋዚ ክትኮውን ተለመ።

ክሰዕ እዚ ዝተገልጸ እዋን'ዚ ኣመሪካ፡ ንኣህጉር ኣፍሪቃ ብዙሕ ትግደሰላ ኣይነበረትን። ስለ ዝኾነ ድማ እዩ ርበርት ስኪነር፡ መንግስቲ ሃገሩ ነዚ ፍርያም ኣህጉር ኣድህቦ ክትህበላን ክትሰግረላን ብዘለዎ ዓቕሚ ዝጸዓረን ደጊሙ'ውን ናብ መንግስቱ መልእኽቲ ዝሰደደን።

እቲ ቆንስል፡ ሃገሩ ንኢትዮጵያ ከም መእተዊ በሪ ንኣፍሪቃ ክትጥቀመላ ከም እትእኽል ዝምጉት ክልተ ነጥብታት ነበሮ። እቲ ቀዳማይ ኢትዮጵያ (ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣቢሲንያ ትበሃል ዝነበረት ግዝኣት) ኣብ ትሕቲ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዘይወደቐት እንኮ ኣፍሪቃዊት ግዝኣት ብምንባራ ተቓጻጺ. ስለዘይህሉዋ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ሽዑ እዋን ዘውዲ ደፊኡ ዝነበረ ሃጸይ ምስ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ንግዳዊ ዝምድና ንምምስራት ድሉው ብምንባሩ እዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ናይ ተነጽሎ መርገጺ ክትለውጥ ጀሚራ ነይራ እያ። ፕረዚደንት ዊልያም ማኪንሊይ ቀቅድሚ ምቕታሉ፡ "ደገም ናይ ተነጽሎ ፖሊቲካ ኣየዋጽኣናን፡ ኣይንበህገን'ውን" ኢሉ ነይሩ።

ስኪነር ዝ. ናይ ፖሊሲ ለውጢ'ዚ ተደሪኹ፡ በቲ ንኡ ዝንጸላለዉ ትልሚ ገይሩ ምሽታ "ኣብ መጻኢ ዕድል ኣፍሪቃ ዓቢ ተራ ክትጻወት ዝተሓረየት ሃገር" ዝበላ ኢትዮጵያ ርክብ ክምስረት ሓያል ጻዕሪ ኣካየደ።

ከም ወጽኢት ናይቲ ዘካየዶ ጻዕሪ፡ ፕረዚደንት ፍራንክሊን ሩዝቨልት ንስኪነር ባዕሉ ዝመርሖ ጉጅለ ሒዙ ናብ ሃጸይ ምኒሊክ ክበጽሕ ኣፍቀደሉ። ድሕሪ'ዚ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ ግዝኣት ኣቢሲንያ ወግዓዊ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና መስረተት። ዝተፈላለየ ንግዳዊ ውዕላት'ውን ከተመት። ርበርት ፒት ስኪነር ድማ ሻምፕዮን እቲ ርክብ ተሰምየ። ከም ወጽኢቱ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንመጀመርያ ግዜ፡ ብ1903 ኣብ ኣፍሪቃ ማለት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ከፈተት። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ፡ ረብሓታት ኣመሪካ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዘውሕስ እንኮ መገዲ፡ ኢትዮጵያ ማእከል እቲ ስትራተጅያዊ መርበብ ረብሓ ምስ እትኾውን ጥራይ እዩ ዝብል ኣመለኻኽታ ኣብ ልሂቃን/ፖሊቲከኛታት ኣመሪካ ሰረጸ። በዚ ዝጀመረ ድማ እያ፡ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ዞባ፡ ረብሓታት ኣመሪካ እተውሕስ መልሕቕ ሃገር ክትከውን ዝተሓረየት።

ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ፡ ብመንጽር'ዚ ሓደሽ ዓለማዊ ምዕራት ምውሓስ ሃገራዊ ረብሓታት፡ ክሳዕ ምዝዛም ዓመት 2024 ዝቐጸለ ቅሉዕ ተጻብኦታት ኣመሪካ ኣንጻር ኤርትራ፡ ብቐንዱ፡ ረብሓታት ኣመሪካ ንምሕላው ተባሂሉ'ዩ። ኣመሪካዊ ረብሓታት ንምሕላው ዝተሓረየት ኢትዮጵያ ተልእኾኣ ክትፍጽም፡ ኣብታ ሃገር ዝ. ዘተግበር 'ኣሳየዪ ስርዓት' (Client State) ክህሉ ብግዲ እዩ። ካብ ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ማለት 1903 ክሳዕ ክፍላ 1970ታት ዝነበሩ ስርዓታት ከኣ ነዚ ኣጀንዳ'ዚ ዘሰዩ መራሕቲ ብምንባሮም፡ ኑቲ ረብሓ መሰሉ ዘደንፍዕ ኮይኑ።

**1ምኽሪ ኣመሪካዊ ጆን ስፐንሰር፡ 'ብመገዲ ኤርትራ፡ ናብ ባሕሪ . . .'**

ከምዝፍለጥ መንግስቲ ኢጣልያ ኣብ ትሕቲ መራሕነት በኒቶ ሙሶሊኒ ኣብ 1935 ንኢትዮጵያ ምስ ወረረ፡ ሃጸይ ሃይለስላሰ ካብ ሃገሩ ሃዲሙ፡ ካብ 1936 ክሳብ 1940 ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እዩ ብስደት ዝቕመጥ ነይሩ። ኣብ እዋን ስደቱ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ብፍላይ ከኣ ኣብ ማሕበር ሃገራት ዓለም (ሊግ ኦፍ ኔሽንስ) ንናጽነት ኢትዮጵያ ይገስግስ ምንባሩ ሰነዳት ይሕብሩ። ድሕሪ ስዕረት ሓይልታት ኢጣልያ ኣብ 1941 ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም ከኣ ናብ ኢትዮጵያ ተመሊሱ።

ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምርካብ ፈተነን ወጥንን ኣብ ዘመነ መንግስቲ ሃጸይ ሃይለስላሰ እዩ ጀሚሩ። ኣብቲ ግዜ እቲ ጠመተ ኢትዮጵያ ኣብ ኣርባዕተ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ወደባት'ዩ ነይሩ። ወደብ ዘይላ (ልክዕ ሰሜን ዘይልዕ) ናይ ሶማልያ፡ ጅቡቲ ናይ ሃገረ ጅቡቲ፡ ናይ ኤርትራ ድማ ወደባት ዓሰብን ምጽዋዕን። ሃጸይ ሃይለስላሴ ዓይኑ ናብዘን ኣርባዕተ ወደባት ክቐንዕ እንከሎ፡ ዘይዕቡ ክረኽብ ደኣ እምበር ዝበሮ ክመልስ ኣይነበረን።

እቲ ሓቂ ካብዚ እዩ ዝጀምር። ኣብ ሶማሊ ላንድ ተደኪና እትርከብ ወደብ ዘይላ ናይ ሶማልያ እታ ዝያዳ ኣቓልቦ እቲ ሃጸይ ረኺባ ዝነበረት ወደብ እያ ነይራ። እንተኾነ እታ ወደብ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንግሊዝ ብምንባራ፡ እንግሊዝ ድማ ቀረባ መሓዛ ኣመሪካ ብምዃና፡ ኣማኻሪ እቲ ሃጸይ ዝነበረ ኣመሪካዊ ጆን ስፐንሰር፡ ንወደብ ዘይላ ምብሃግ ማለት ከም ቅሉዕ ተጻብኦ ኣብ ልዕሊ ሃገረ እንግሊዝ ስለዘቖጽር ክትግበር ከም ዘይክኣል ከም ዝገለጸሉ ኣብ መጽሓፍ ውልቃዊ ዝኽርታት (ካብ ገጽ 141 ኣትሒዙ ኣብ ዘሎ ገጻት) ናይቲ ኣማኻሪ ብዝርዝር ተሰኒዱ ንረኽቦ።


ቀጺሉ እቲ ሃጸይ ኣቓልቦኡ ናብ ወደብ ጅቡቲ ኣቕንዐ። ሕጂ'ውን እቲ ኣማኻሪ፡ እዚ ድማ ምስታ ንጅቡቲ ትገዝእ ዝነበረት ካብ ቀንዲ መሓዙት ኣመሪካ ዝኾነት ፈረንሳ ሽግር ክፈጥረልና እዩ ብዝብል ምኽንያት፡ ህርፋን እቲ ሃጸይ ወዱቕ ገበሮ። ድሕሪ'ዚ፡ እቲ ሃጸይ ዘይኮነ፡ እቲ ኣማኻሪ እዩ ካልእ እማመ ዘቕረበ።

ኣብ መንጎ 1936ን 1941ን ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ ኤርትራ ምስ ኢጣልያዊት ሶማሊላንድ ኣካል 'ኢጣልያዊ ግዝኣት ምብራቕ ኣፍሪቃ' ኮይና ንመጀመርታ ግዜ ምስ ገለ ክፋል ኢትዮጵያ (ኢጣልያ ዝተቖጻጸሮ ክፋል እታ ሃገር) ሓቢራ ትመሓደር ነበረት። ካልኣይ ኩናት ዓለም ብዓወት ሓይልታት ኪዳን ድሕሪ ምዝዛሙን ኢጣልያ ምስ ተሳዕረትን ድማ፡ ኤርትራን ሶማሊላንድን ኣብ ትሕቲ




ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ክኣትዋ እንከለዋ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ሃጸይ ሃይለስላሰ ናጽነታ ክትመልስ ከኣለት።

ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ቀጺሉ ኣብ ዝተኸተመ ውዕል ሰላም ፓሪስ ናይ 1947፡ መጻኢ እተን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኢጣልያ ዝነበራ ሃገራት ኤርትራ፡ ሊብያን ሶማልያን ተወሲኑ። ሊብያን ሶማልያን ናጽነተን ክወሃባ እንከለዋ፡ ኤርትራ ግን ድሕሪ ዝተወሰኑ ዓመታት ብዘይ ድሌት ህዝባ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ተቖርነት። ዓንቀጽ 23 ናይ ውዕል ሰላም ፓሪስ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ብዝምልከት፡ ሃገራት ሓይልታት ኪዳን (ኣመሪካ፡ እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ሶቭየት ሕብረት) ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት መጻኢ ኤርትራ ክወስና ዝኣዝዝ እዩ ነይሩ። ክሰማምዑ ምስ ዘይክእሉ ድማ እቲ ጉዳይ ናብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ክሓልፍ ተወሰኑ ነይሩ።




እንግሊዝ ምምቕቓል ኤርትራ፡ ምዕራባዊ ክፋላት ናብ ሱዳን፡ ከበሳታትን ገማግም ባሕርን ናብ ኢትዮጵያ ክጽንበሩ ኣሚማ። ኣመሪካ ብወገና ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ምሉእ ሕብረት ክትገብር ሓሳብ ኣቕሪባ። ፈረንሳ፡ ኤርትራ ኣብ ግዝኣተ-ሞግዚ. ምምሕዳር ኢጣልያ ክትጸንሕ ዝብል ሓሳብ ከተቕርብ እንከላ፡ ሕብረት ሶቭየት ብወገና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ግዝኣተ-ሞግዚ. (trusteeship) ኣህጉራዊ ምምሕዳር ክትጸንሕ ኣሚማ። በዚ ድማ ኣብ ዛዕባ መጻኢ ኤርትራ ክሰማምዑ ኣይከኣሉን። ኣብ ሓደ ነጥቢ ክበጽሑ ስለ ዘይከኣሉ፡ ብመሰረት ኣቓዲሙ ዝተቐመጠ ካልኣይ ኣማራጺ እቲ ጉዳይ ኣብ 1948 ናብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት (UNGA) ቀረበ። እዚ ድማ ኑቲ ድርብ መለክዒ (Double Standard) ናይቲ ውሳነ ዘጉዝዶ ነበረ።


ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፡ ኣማኻሪ እቲ ሃጸይ ዝነበረ፡ ጆን ስፐንሰር ነዛ ነቓዕ'ዚኣ ተጠቒሙ፡ ሕቶ ወደባትን ኣፍደገ ባሕርን ኢትዮጵያ መልሲ. ንኽረኽብ ምሉእ ኣቓልቦ እቲ ሃጸይ ናብ ኤርትራ ከምዝቕንዕ ገበረ። ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣብዚ ዝተገልጸ ዛዕባ'ዚ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህቦ መልሲ. ናይ ክልተ ሃገራት ስክፍታ ነይሩዎ እዩ። ምኽንያቱ ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ንኤርትራ ተቖጻጺሩ ዝነበረ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ስለ ዝኾነ፡ "ንኤርትራ ምጉባጥ ይከኣል ድዩ" ክብል ሓተተ። ጆን ስፐንሰር ዝሓዘ ሓሳብ፡ "ብዛዕባ'ዚ ኣይትሰከፉ፡ ንዓና ጥራይ ግደፉ። ዝ. ንምትግባር መንግስቲ ኣመሪካ ሓዲ ወጥን ኩዓሉ'ዩ" ክብል ንስክፍታ እቲ ሃጸይ ዘቐንጥጥ ዘተኣማምን መልሲ. ሃቦ።

ድሕሪ'ዚ፡ ሃጸይ ሃይለስላሰ ብምኽሪ ጆን ስፐንሰር ተደሪኹ፡ ሕልሚ ኣፍደገ ባሕሪ ከየህድ ምሉእ ኣድህቦኡ ናብ ኤርትራ ገበረ። ስለዚ ከኣ እዩ፡ ዲስኩር ሃገርነት ኢትዮጵያ ብመንጽር ምድግጋሙን ዓይነት በሃልቱን እንክርኡ፡ ባዕሉ ዘውንኖ ጥሙሕ ከም ዘይብሉን ብናይ ደገ ሓይልታት ዝተዓገደደን ምዃኑ ርእሰ ግሉጽ ዝኾነ'ውን። ዝ. ኣጀንዳ'ዚ ንምዕዋት ከኣ እዩም፡ ናይ ምዕራብ ልሂቃን፡ ወትሩ ኑቲ ቅኑዕ ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ሃገረ ኤርትራ ኣዋሲናም፡ በቲ ንልዕልና ኢትዮጵያውነት ክንጽብርቕ ተባሂሉ ዝተሰነዐ ጽውጽዋያዊ ዛንታታት ክዕፍንዎ ብዙይ ምቡታኽ ዝሰርሑ። ኑቲ ወድዓዊ ክዉንነት ንምቕልባስ ከኣ ብመራሕነት ግዳማውያን ሓይልታትን ሒደት ልሂቃን እታ ሃገርን ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ናይ ረብሓ ምትእስሳር፡ ሓቢሮ ዝተሃንደሰ ህንሓድሕዱ ዝደጋገፍን ከምራ ዲስኩራት ክፈሪ ክኢሉ።

ሃጸይ ሃይለስላሰ፡ ንምኽሪ ጆን ስፐንሰር ተቐቢሉ ክዘምት ወጠነ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብቲ ዓለምና ካብ መሪር ግዜ ካልኣይ ኩናት ዓለም ተገላጊሉ ኣብ ሰልሚ ዝሓሉ ኩናት ዝተሸመመትሉ ተሃዋሲ. ናይ ልዕለ-ሓያላን መድረኽ ውድድር፡ ሕልሚ ኣፍደገ ባሕሪ ኣምብራጦርያዊት ኢትዮጵያ ንምዝዛድ ብሓደ ወገን፡ ስትራተጅያውን ጸጥታውን ረብሓታት ኣመሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንምውሓስ በቲ ካልእ፡ ብኣመሪካ ዝተመወለ ኣንጻር ኣህጉራዊ ሕግታት ደው ዝበለ ንመሰል ርእሰውሳነ ህዝቢ. ኤርትራ ዝገሰ. ውሳነ ፌደረሽን ተበየነ።

ዓንቀጽ 10 ናይ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ "ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት፡ ምውጋድ መግዛእቲ (Decolonization) ዝምልከት ዛዕባ ሓዊሱ፡ ለበዋታት ናይ ምሃብ ስልጣን ኣለዎ" እዩ ዝብል። እዩም ዝወሃቡ ለበዋታት፡ ብባይቶ ጸጥታ እንተ ዘይጸደቕም፡ ግብራውያንን ብሕጊ ቀየድትን ኣይኮኑን። በዚ ድማ እዩ እቲ ብሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዝተወሃበ ውሳነ ፌደረሽን፡ ብቻርተር እቲ ኣህጉራዊ ትካል'ውን ብጻብእ መሰረታት ዘይሓለፈ. ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ውሳነ ተባሂሉ ኣብ ታሪኽ ሰፊሩ ዘሎ። ዝ. ጉዳይ'ዚ. ንምጥዕዓም፡ ሓይልታት ኪዳን ንለበዋ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት (UNGA) ብምቕባለን ኑቲ ባይቶ ብፍጹም ስልጣን ሂበናኦ ዝብል መግለጺ. እውን ይወሃባ እዩ።

ይቕጽል . . .




# ካብ ዘባታት

## “ባዶ ፈስቱላ 2030” ሸቶኡ ንኽወቅዕ

ፊልሞን መሓሪ
ሰኣላይ - ፊልሞን መሓሪ
ወከል ኣገልግሎት ዜና ንኡስ ዞባ ደባርዋ

ብንኣሽቱ ተባዮኦ ብዙሕ ህይወት ምድሓን ይከኣል'ዩ። ስለዚ ድማ'ዩ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንድሕነትን ዕበየትን መላእ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ድሕነት ኣደ ልዑል ትኹረት ሂቡ ዝሰርሕ ዘሎ። “ኣደኻ ዘይብሉ ኣይግዛኣኻን” ዝብል ምስላ ኣቦታትና ንብዕሉ፡ ኣደ ክሳብ ክንደይ ክብርትን ህላወኣ መዳርግቲ ኣልቦ ምዃኑን ንምግላጽ'ዩ። ይኹን'ምበር፡ ብዓለም ደረጃ ክርአ እንከሎ፡ ኣደ ንርእሳ ጥዕያ፡ ጥዑያት ሰባት ከተፍሪ ዝዋግእ ሓልዮት ክሳብ ክንደይ'ዩ? ኣብ'ቲ ናይ ወሊድ ዕድመኣ ማለት ካብ 15 ክሳብ 49 ዓመት ኣብ ዘሎ'ኹ ንማሰርሕ ጥንሲን ሕርስን ብዘይ ገለ ጉድለት ክትሰግር ዘኽእል ውሑስ ኣገልግሎት ጥዕና ትረኽብዶ ኣላ? ንዝብል፡ እቲ ቀረብን ሓልዮትን ምስ ኣደ ዝዳረግ ከምዝይርካ፡ ክኢላታት ዓለምና ዝሰማምዕሉ ነጥቢ'ዩ።


ዶ/ር ሰዓረ ተስፋ


መም/ ገረዝጊሄር በርሀ

ጥንስን ሕርስን ውሑስ ምስ ዘይከውን፡ ንኣደን ዕሸላን ናይ ዘይምለሱ መጉዳ ክወስዶም ዝኽእል ሓደጋ ከም ዘለዎ፡ እንግንዘቦ ሓቂ'ዩ። በዚ ምኽንያት፡ ንኣደን ዕሸላን ውሑስ ንምግባር፡ ዝተወሰዱ ዓለማዊ ተባዕኦታት ብዙሓት ምዃኖም ዘካትዕ ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ኣብ 1948 ኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ዝእወጅ ንደሓር ጥራይ'ኳ፡ ካብ 14 ዘይውሕድ ግዜ ዚ ዝምልከት ኣህጉራዊ ጉባኤታትን ዋዕላታትን ተኻዪዱ'ዩ። ድሕነት ኣደ ከም መሰረታዊ መሰላት ወዲ-ሰብ ተረኣዩ፡ ጥዕና ደቂ-ኣንስትዮ ዘረጋግጹ ኣገዳሲ ስጉምቲታት ክውሰዱ ጻውዒት ቀሪቡ'ዩ። ካብ'ዚ ውሳኔታት፡ እቲ ዝዓበየ፡ ክሳብ 2000 ዓ.ም፡ ብሰንኪ ጥንስን ሕርስን ዝመጽእ ሞት ኣደታትን ዕሸላትን ብፍርቂ ክጎድል ዝብል ይርከቦ፡ እዚ ከኣ ኣደ ግቡእ ኣገልግሎት ሕክምና እትረኽበሉ ማሰል ምርግጋጽ ዝብል ምንባሩ ይሕበር።



ብፍላይ ኣብ'ተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 15-49 ኣብ ዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ጥንስን ሕርስን ከም ቀንዲ ምኽንያት ሕማምን ስንክልናን ክቐርብ ዝከኣል'ዩ። ኣብ ዓመት ብሚልዮናት ዝቑጸራ ወለዳት ኣደታት፡ ከም ምዝንባል ማህጸን ካብ ግቡእ ቦታኡ፣ ፈስቱላ ማለት ዘይንብር ቀዳድ ኣብ መንጎ ፊሕኛ ሸንቲን ርሕምን ወይ ኣብ ነንጎ ርሕምን ባጡቕን፡ ከምኡ'ውን ረኽሲ ጎሎን መናኸትን እናጋጠመን፡ ኣደዳ ስቓይን መከራን ኮይነን ይርከባ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰብኣዊ ክስራታት ንምክልኻል እምበኣር፡ ዝተወሃሃደ ማለት፡ ግቡእን ብቑዕን ኣገልግሎት ዝህብ ስርዓተ-ጥዕና፡ ካብ ሰድራቤት ክሳብ ትካላት ጥዕና ክህሉ ምስራሑውን ኣገዳሲ'ን'ዩ። ባህላዊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ደቂ-ኣንስትዮ ክብ ምባል፡ ብሓፈሻ ድማ ማሕበራዊ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ ከኣ እቲ ቀንዲ መፍትሒ እዩ። ኤርትራ፡ ንዓለማዊ ተባዕኦ ድሕነት ኣደ፡ ኣብ 1998 እያ ብወግዒ ተጸንቢራቶ። ኣብ 2003 ከኣ እቲ መምርሒ ኣብ ኩለን ትካላት ጥዕና ከም ዝሰርሓሉ ገይራ።

ሕማም ፈስቱላ፡ ሓደ ካብ'ቲ ንኣደታት ግዳይ ዝገብር ዘሎ'ዩ። እዚ ሕማም፡ ኣብ ሃገርና'ውን፡ ነተን ሕማም ፈስቱላ ዘለወን ኣደታት፡ ግቡእ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝረኽባሉ ባይታ ተፈጢሩ፡ ንምውጋዱ ይሰርሓሉ ኣሎ።

መማህራን ካልኣይ ደረጃ ደባርዋ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ 2025፡ ናብ'ተን ኣብ ሆስፒታል መንደፈራ ዝርከባ ግዳያት ፈስቱላ በጺሖምን ኣተባብዮምን። እቶም መማህራን ምስ ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ብምርድዳእ፡ ነተን ግዳያት ፈስቱላ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ፡ “ኣጆኺን ኣብ ጎድንኽን ኣለና” ንምባል'የም፡ ምስ ኩብንያ መጉዓዝያ ሓራት ተረዲዒኦም ነቲ ምብጻሕ ኣካይዶምዎ። ንሶም፡ ኣብ ልዕሊ'ዘን ኣደታት ኣጋጢሙ ዘሎ ሕማም ፈስቱላ፡ ኣብ ዳሕራይ ወሊዶ ንኸይደግም መልእኽቲ ንምትሕልላፍ፡ ከምኡ ድማ ነተን ደቂ-ኣንስትዮ ሞራልን ተስፋን ንምስናቕ ምዃኑ ገሊጾም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሜዲካል ዳይረክተር መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ዶክተር ሰዓረ ተስፋ፡ “ሸቶና ዝላቐ ምዕባለ ባዶ ፈስቱላ 2030” ንምውቃዕ ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፡ መማህራን ካልኣይ ደረጃ ደባርዋ ምስ ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ብምዃን፡ እጃሞም ንምብርካትን ንተሓኪምቲ ኣደታት ተስፋ ንምስናቕን ዝገበርዎ ሰናይ ተበግሶ ብምንኣድ፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይ'ቲ ትካል ንጹሕቲ ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ፈስቱላ፡ ኣብ ግዜ ሕርሲ ዘጋጥም ዘይንቡር ርኽብ ኣብ መንጎ ፊሕኛ ሸንቲን ማህጸን (ርሕሚ)ን ወይ ከኣ ማህጸን (ርሕሚ)ን ማሃንቱስን እዩ። በዚ ከኣ፡ ዘይምቁጽጻር ሸንቲን ቀልቀልን ብምስዓብ፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሃሰያ ዘውርድ ከቢድ ሕማም'ዩ። ስለዚ ድማ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ነዚ ከሉ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ጥዑይ ሕብረተሰብ ንምህናጽ፡ ጥዕይቲ ኣደ ንምዕቃብን ንምድንፋዕን ብዝወሰዶ ተበግሶ፡ ኣብ ሃገርና ሕክምና ፈስቱላ ኣብ 2004 ከም ተንቀሳቓሲ ሕክምና ኮይኑ ኣገልግሎት ክህብ ጀሚሩ። ካብ 2007 ጀሚሩ ግን፡ ኣብ ቀጽሪ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ፡ ሃገራዊ ማእከል ፍወሳን ተሃድሶን ፈስቱላ ብምዃኑ፡ ካብ መላእ ሃገር ንዝመጽኣ ሕሙማት ፈስቱላ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ይህብ ኣሎ።



መንግስቲ ኤርትራ፡ ሞት ኣደታትን ዕሸላትን ንምውጋድ፡ ፈስቱላ ኣደታት ብቐሊሉ ሕክምና ክረኽባሉ ዝኽእላ ባይታ ንምጥጣሕ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ንምብራኽ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። በዚ ከኣ ኣብ ምፍዋስ ሕሙማት ፈስቱላ ጉሉሕ ዓወታት ተመዝጊቡ ይርከብ።

ምስ ወሊድ ዝመጽእ ሕማም ፈስቱላ፡ ንምሕካሙ ኣድካሚ፣ ረቂቕ ፍልጠትን ተመኩሮን ዝጠልብ፣ ብዓዜን ግዝዚብን ከቢድ ወጻኢታት ዝሓትት ብምዃኑ፡ ቀሊል ከምዘይኮነ ዝኩሓድ ኣይኮነን። ተሓኪምቲ ካብ ኣዋርሕ ክሳብ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ሕክምና ስለ ዝጸንሓ፡ ኣብኣን ዘስዕቦ ጸቕጢ፡ ተፈጺሉ፡ ማሕበራዊ ጸገማትን ድኽነትን መዳርግቲ የብሉን። ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ቲ ትካል ተሓኪመን ዳግም ናብ ሕብረተሰብ ዝተጸንበራ 1463 ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዘድሊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብምርካብ፡ ናጻ ካብ ፈስቱላ ክኾና ምብቅዐን ነቲ ዝተኻየደ ጻዕርን ስራሕን ዘጉልሕ እዩ።

ሃገራዊ ማእከል ፍወሳን ተሃድሶን ፈስቱላ፡ ብዘይካ ናይ ፈስቱላ መጥባሕቲ ዝሀቦ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ብሸንቱ ዝጠፍእ ግዜ ከይህሉ፡ መሃይመንት ንምጥፋእን ፈደል ንዘይቑጽራ ኣደታት ደገሰ፡ ከየጋጥምን ብምባል፡ ነተን ግዳያት ኣደታት መሰረታዊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ሰፊት ክኣና፡ ሰ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፡ ማእለማን ካልእን ዝኣመሰለ ሞያዊ ስልጠናታት ከምዝወሃባ ይገበር እዩ። እዚ ከኣ፡ ኣፍረይቲ ኮይነን ኑብሰን ክኽእላ፣ ከምኡ ድማ ካብ ተጸባይነት ናጻ ኮይነን መነባብሮአን ንኸመሓይሻ ምስ መሻርኽቲ ብምዃን ከምዝወሃባ እዩ ዝግበር።

“ባዶ ፈስቱላ ኣብ 2030” ዝብል ሸቶ ዝላቐ ምዕባለ ንምዕዋትን ፈስቱላ ምሉእ ብምሉእ ንምውጋድን ንዘወጽአ መደባት ንምትግባር፡ ተራ ሕብረተሰብ፡ ኣካላት መንግስቲ፡ ማሕበራትን ካልኦትን ብቐዳምነት ዝሰርዕ'ዩ። መማህራን ካልኣይ ደረጃ ደባርዋ ድማ፡ ኣፍረይትን ኣለይትን ተማሃሮ ብምዃኖም፡ ዝወሰድዎ ሓላፍነት ዝደነቐ'ዩ። ምስኡ ድማ፡ ካብ ጠንቅታት ፈስቱላ ዝኾኑ ክሽቦ ደቂ ኣንስትዮ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ሕርሲ ኣብ ገዛን ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ተራን ኣበርክቶን መማህራን ልዑል ስለ ዝኾነ፡ መማህራን ካልኣይ ደረጃ ደባርዋ ከምዚ ዓይነት ዑደት ምኽያዶም፡ ተወሳኺ ሓላፍነት ዘስከም ምዃኑ ዝጠቐሰ ዶክተር ሰዓረ ተስፋ፡ ብኣካል መጺኦም ጸገም ደቂ-ኣንስትዮ ምፍላጦምን ሞራላውን ንዋታውን ሓገዝ ምግባሮምን ኣመስጊኑ።

ክኢላ ማህጸን ሕርሲ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ዶክተር ሃብቶ ሃይለመለኮት ብወገኑ፡ ብስም ሆስፒታል መንደፈራ ንጹሕቲ ምስጋናኡ ድሕሪ ምሕላፉ፡ ንሓፈሻዊ ጠንቅን ሳዕቤናትን ፈስቱላን ማህጸንን፡ ከምኡ'ውን ክግበር ዘለዎ ክንክን ኣመልኪቱ ንጹሕቲ መብርሂ ሂቡ። ዶ/ር ሃብቶ፡ ብፍላይ ኣብቶም ብሰንኪ ሳግም መጓሰን መነባብሮኦም ዝመርሑ ካብ ትካላት ጥዕና ዝረሓቑ ሕብረተሰብ፡ ተርእዮ ሕማም ፈስቱላ ብኣሃዝ ብዙሕ ከም ዝብል ብምግላጽ፡ እቲ ጠንቂ ድማ ብቐንዱ ምስ ድሒር እምነታት፡ ልምድታትን ተኣሳሲሩ ዝመጽእ፡ ፈላጥት ኢና በሃልቲ ሰባት ድማ ዘይመኸኑ ቦኦሕቲ መሳርሒታት ተጠቒሞም ኣብ ልዕሊ ዝሓርሳ ኣደታት ብዘውርድዎ ጉድኣት ከም ዝስዕብ ገሊጹ። ንሱ ብዘይካ'ዚ፡ ብሰንኪ ጌጋ ርድኢት፡ ኣብ'ቲ ዝረሓቐ ከበባታት ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ብፈስቱላ ዝጥቀዓ ዝመስሎም ወገናት ብዙሓት ምዃኖም ጠቒሱ፡ ዝጋገን ኣይኹን እምበር፡ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ከይተረፈ ሕማም ፈስቱላ ከም ዘሎ ኣረዲኡ። ነዚ ከሉ ንምፍዋስ ከኣ፡ መንግስቲ ናጻ ሕክምናዊ ኣገልግሎት እናሃበ ይሰርሕ ምህላዉ ኣገንዚቡ። ተርእዮ ሕማም ፈስቱላ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ወሪዱ'ኳ እንተሎ፡ ደገሰ ንኸይፍጠር፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ መሻርኽቱ ብምዃን ጻዕርታቱ የሐይል ከምዘሎ'ውን ኑቶም በጺሕቲ ኣብሪሁ። መርዓ ትሕቲ ዕድመን ካልኦት ድሒራት ልምድታትን ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ መማህራን ቤት ትምህርቲ ደባርዋ ኮነ ካልኦት መማህራን፡


ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ

ኣብ'ቲ ዝካየድዎ ኣስተምህሮታት፡ ጸቕጢም ክገሰግስሉ ከኣ ተላብዩ።

ድሕነት ኣደ ሓላፍነት መላእ ሕብረተሰብ ምዃኑ ዝጠቐሰት ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ ብወገና፡ ሃማደኤ የማናይ ኢድ ናይ'ቲ ቃልሲ ኮይኑ፡ ምስ ኩሎም መሻርኽቱ ንድሕነት ኣደ ዝምልከቱ ኣስትንሳዊ መደባት ብቲቪ፡ ሬድዮ፡ መጽሔት፡ ፊልም፡ ጋዜጣን ካልእን ከምዝካየድ ሓቢራ። ሕማም ፈስቱላ'ውን፡ ብዝካየድ ዘሎ ጻዕርን ተወፋይነትን፡ ምሉእ ብምሉእ ክጠፍእ ዘለዎ እምነቶ ገሊጻ። መማህራን ካልኣይ ደረጃ ደባርዋን ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ደባርዋን እውን፡ ከምዚ ዓይነት ምብጻሕ ዝፍጽሙ ዘለው፡ ነቲ ሕማም ፈስቱላ ንምጥፋእ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ደገፎም ንምሃብ ከምዝገበሩ ኣብሪሓ።

ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደባርዋ መምህር ገረዝጊሄር በርሀ እውን፡ ንግዳያት ፈስቱላ ሞራል ንምሃብን ንምትብባዕን ንዝካየድ ዘሎ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምዕዛዝን፡ ካብ ክልቲኡ ጾታ 40 መማህራን ከም ዝመጹኡ ጠቒሱ፡ ሕማም ፈስቱላ ንምውጋድ ዝካየድ ዘሎ ሓያል ጻዕርን ሕክምናዊ ደገፍን ዝምስገን ምዃኑ ብዓይኖም ስለ ዝተዓዘብዎ፡ ብስም ኩሎም መማህራን ምስጋናኡ ኣመሓላሊፉ። ብሰንኪ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ካልእ ጎደእቲ ልምድታትን፡ ተማሃሮ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ደብሮሹራ ስለ ዘለዋ፡ ብወገኖም፡ ተማሃሮኦም ብዛዕባ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፡ ክሽቦን ካልኦት ጎደእቲ ልምድታትን ንኽፈልጡ ዕዙዝ ተራኦም ክጻወቱ ምዃኖም ሓቢሩ።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ዝምድና ስራሕን ጥዕና ኣእምሮን

### ጥዑም መጻምድቲዶ ጥዑም ሓላፊ ክህልወካ ይሓይሽ?

ዓለማዊ ውድብ ጥዕና፡ ብ2 መስከረም 2024፡ “ዓመትዊ 12 ቢልዮን ናይ ስራሕ መዓልታት ብቓዝኖትን ጸቅጢ ኣእምሮን ይኽሰር፣ እዚ ከኣ ኣብ ፍርያምነት ናይ ኣስታት ሓደ ቢልዮና ዶላር ክሳራ የስዕብ፡” ዝብል ጽሑፍ ኣብ መርበብ ሓበሬታኡ ዘርጊሑ። ምስ ምምዕባል ተክኖሎጂ፡ ብፍላይ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ኩነታት ስራሕን ኣፍራኑትን ብርኡይ ተጸልዩ እዩ፣ ብፍላይ ከኣ ጥዕና ኣእምሮ ሰራሕተኛታት። እቲ ቀዳማይን ዓብን ስግኣት፡ ሸቕለት ኣልቦነት እዩ። ተመራመርቲ ስነ ኣእምሮን ስነ መትንን ግን ካብኡ ዝኸፍእ ሻቕሎት ከም ዘሎ ይገልጹ። ስራሕ፡ ኪንዮ’ቲ ዘሎዎ ፋይናንሳዊ ኣገዳስነት፡ ኣብ ሓንጎልና ባይሎጂያዊ ለውጢ ከኸስት ሓይሊ ኣሎዎ። ኣብ ስራሕና ካብቲ እንረኽቦ ደሞዝ ሓሊፍና ዕሙቕ ዝበለ ትርጉም ምስ ዝህልወና፡ ዕላማ፡ ዕዉት ማሕበራዊ ውስስእ፡ ድልዱል መንነትን ዝተዛነየ ጸቕጢ ኣእምሮን ከህልወና ይሕግዝ። ስራሕ፡ ንተመጣጥነት ሓንጎል ብእወታ ስለ ዝጸሉ፡ ናይ ምዝካር፡ ውሳነ ናይ ምሃብን ንጹር ሓሳብ ናይ ምሕሳብን ብቕዓትና ክብ ከብል ይኽእል።



ስራሕ ከም ንሓንጎል ዘነጣትፍ ተግባር ጠሚትና፡ ብርክት ዝበለ ጥቕምታት ክንረኽብሉ ንኽእል ኢና። ቦታ ስራሕ፡ ሰዓታት ስራሕን ስርዓተ ምሕደራ ትካልን፡ ንኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ሰራሕተኛ ዘይቀዱ ምስ ዝኸውን ግን ኣዕናዊ ጽልዋ ክህሉዎ ይኽእል። ፕላቶ፡ ኣብታ ‘ሪፓብሊክ’ ዝሰመያ መጽሓፉ፡ “ፍትሒ፡ ኩሉ ሰብ ሰርሑ ክሰርሕ እንከሎ’ዩ፡” ብምባል ንስራሕ ዝለዓለ ክብሪ ይህቦ።

ብተወሳኺ፡ ብመገዲ ስራሕ ኣቢልና ካብ እነካይዶ ደጋዊ ኣከባብያዊ ለውጥታት፡ እቲ ኣብ ኑብስና እንዓዮ ከም ዝልዕል ይገልጽ። ስራሕ፡ ንባህርና ቅርጺ ዘትሕዝ፡ ምምሃርን ምርዳእን ዘካትት፡ ጽልዋ ከነሕድርን ገሲጋስ ከነርእን ዝሕግዝ መስርሕ እዩ። ስራሕ፡ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህሉዎ ዝድርኽ ረቛሒታት ግን ኣይሰኣንን እዩ። እዚ ረቛሒታት ኣብ ክልተ ምድብ ይምደብ፤ እቲ ቀዳማይ ምስ ሰራሕተኛ ዝተኣሳሰር ሕጽረታት እዩ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ ምስ ናይ ስራሕ ኣከባብን ሃዋህውን ዝተሓሓዘ እዩ።

ኣብ ክልተኡ ምድብ እንረኽቦ ሓደ ረቛሒ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ዝምስረት ናይ ስራሕ ዝምድና እዩ። ሰራሕተኛታት ናብ ስራሕ ዝኸዱም ምኽንያት ንኽሰርሑ ዋላ ድኣ ይኹን፡ ሰብ ክሳዕ ዝኾኑ ዝምድናታት ክምስርቱ ግድን እዩ። እንተኾነ፡ እዚ ዛዕባ ተጉስዩ እዩ ዝሓለፍ። ፈለማ ሰራሕተኛ ናብ ሓደ ስራሕ ኣብ ዝጽንበረሉ ግዜ፡ ምስቲ ስራሕ ዝተሓሓዘ ተክኒካዊ ሓበሬታ እምበር፡ ድልዱልን ንስራሕ ዝምችእን ዝምድና ብኸመይ ክፈጥር ይኽእል ኣይሕበርን፣ ዝኾነ ስልጠና’ውን ኣይወሃብን። ዳርጋ ኣብ ኩሉ ትካላት ‘ኣገባባት ምምስራት ድልዱል ናይ ስራሕ ዝምድና’ ብዘይ ወግዓዊ፡ ልምዳዊ፡ ኣገባብ እዩ ዝመሓላለፍ። ጥዑም ሓላፍን መሳርሕትን እንተ ረኺብካ፡ እወታዊ ናይ ስራሕ ዝምድና ክትምስርት ትኽእል። እዚ ከኣ ንኣፍራይነትን ጥዕና ኣእምሮን ብእወታ ይጸልዎ። ብኣንጻሩ፡ ጥዕና ዘሎዎ ናይ ስራሕ ዝምድና ክትሃንጽ ዘጸግም ናይ ስራሕ ሃዋህው ምስ እንረክብ ከኣ ከከም ሰረኻ ትወጽኣ ማለት እዩ።

እወታዊ ዝምድና ኣብ ምህናጽ፡ ብድሆታት ዘሎወን ትካላት፡ ብትዕዝብቲ ክንፈልየን ንኽእል ኢና። ብፍላይ ኣብተን ምስ ዓማዊል ቀጥታዊ ርክብ ዘሎወን ትካላት፡ ብግሁድ ክረአ ይኽእል። ምስ ዓማዊል ዘይቃዶ ሰራሕተኛ፡ ወረሑ ብገለ ምስ ሰማዕካ፡ “ምስ ዘይተባእሶ ሰብ የለን፣ ነዛ ትካል ኣዕገርግ ዘበላ እንድዩ፡” ይብሉኻ። ዝበዝሑ ሰራሕተኛታት ናይ ሓደ ትካል፡ ጸዋጋትን ዘይልዙባት እንተ ኮይኖም ሓላፊኦም እንታይ ዓይነት ባህሪ ክህሉዎ ይኽእል ክግመት ኣየጸግምን። እዚ ዓይነት ጸገማት ንወልቀ ሰራሕተኛ ዝግደፍ ኣይኮነን። ምሕደራዊ ስርዓት ትካላትን ትካላዊ ባህልን ኣብ ምምህናጽ ናይ ስራሕ ዝምድና መሰረታውን ዓብን እጃም ኣሎዎ። ኣብ ሓደ ትካል፡ ጠንቂ ግርጭት ዝኾነ ምኽንያት፡ ብኣጋኡ ዝእለየሉ ኣገባብ ክህሉ፣ ግርጭታት ምስ ዘጋጥም ከኣ ብኣጋኡ ዝፍተሓሉ ኣገባብ ክህሉ፣ ክተባባዕ ዝግቦእ ባህሪ ብምትብባዕ፡ ናብ ትካላዊ ባህሊ ክዓቢ ክሰርሓሉ፣ ብኣንጻሩ ከኣ ክንቀፍ ዝግብኦ ባህሪ ሱር ከይሰደደ ብኣጋኡ ዝእለየሉ ስርዓት ክህነጽ፣ ... ኣሎዎ። እዚ ከኣ ብውልቂ ክግበር ከቢድ ስለ ዝኾነ፡ ብደረጃ መሪሕነት ትካል ክስራሕን ክምዕብል የድሊ። ቅርዑይ ስርዓተ ምሕደራን ትካላዊ ባህልን፡ ኣብ ሓሳብ ናይ ኣተግበርቲ፡ ጽሑፍን ሕግን ናይ ትካል ስለ ዝሰፈረ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ነዚ ናብ ተግባር ንኽቕየር ክስራሕ የድሊ።

ዳርጋ ዝበዛሕና ሰራሕተኛታት፡ ሓደ ሲሶ ናይ መዓልትና ወይ ልዕሊኡ፡ ኣብ ቦታ ስራሕና ኢና እነሕልፎ። እዚ ማለት፡ እቲ ዝበዝሐ ሰዓታት፡ ድሕሪ መንበሪና፡ ኣብ ቦታ ስራሕና እዩ ዝሓልፍ። ስለዚ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ቤትና ሰላም ፍቕርን ክሰፍን እንምነን እንሰርሕ፡ ኣብ ቦታ ስራሕና’ውን ብተመሳሳሊ ሰላምን ፍቕርን ክህልወና ክንሰርሕ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ሓዳር ኣቦን ኣደን እንተ ተባኢሶም፡ ብዙሓት ኣካላት ስድራቤት፡ ብቐንዱ ከኣ ቈልዑ ይህሰዩ። ኣብ ቦታ ስራሕ ሰራሕተኛ ምስ ካልኦት መሳርሕቱን ሓለፍቱን ጥዑይ ዝምድና ምስ ዘይህሉዎ ስራሕ ይህሰ። ስራሕ ግን ህይወት ስለ ዘይብሉ፡ ሃሳይነቱ ብዙሕ ዘይርድኣና ክንህሉ ንኽእል ኢና። ኣብ ኦፊስ ኳንና ንሰርሕ እንተ ኳንና፡ ነቲ ኣብ ኣፈደገ ኦፊስና ቀንፈዘው ዝብል ዘሎ ገዲፍና፡ ነቲ ወረቓቕቲ ምጽፋፍ ስራሕ ንብሎ እንተ ኳንና፡ ‘ስራሕ’ ህይወት የብሉን። እዚ ካብ ኣብ ስራሕና ዘሎና ትሑት መረዳእታን ትርጉምን እዩ ዝብገስ። ዝበዝሐ ጸገማት ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ዕሙቕ ዝበለ መረዳእታን ኣብ ስራሕ ብምህናጽን ድልዱል ናይ ስራሕ ዝምድና ብምህላጽን ክፍታሕ ይኽእል። ስለዚ፡ ንጥዕና ኣእምሮና ልዑል ኣፍራይነትን ካብ ኣብ ዘይህይወታዊ ክፋል ስራሕ ዝያዳ ኣብቲ ህይወታዊ ክፋል ስራሕ ከነድህብን ክንሰርሕን ይግባእ።

## ቦታ ስራሕና ብኸመይ መሳጢ ነገብሮ?

ብወገን ሰራሕተኛ፤

- ኪንዮ ፋይናንሳዊ ጥቕሚ ዝኸደ ትርጉም ስራሕ ምህላው፣ ስራሕናን ኣበርክቶናን ንኽንፈቱ፡ ምስ ህይወትና ዝተኣሳሰር ትርጉም ምህላው።
- ኑብሰ ኣመር ምምዕባል፣ ምሉእ ኑብሰ ፍልጠት፡ ክብሪ፡ ምትእምማንን ተጻዓደነትን ምምዕባል።
- ኣብ ኑብሰ ዕብየት ምጽማድ፣ በብእዋኑ ንኑብስናን ንስራሕናን ዝጠቅም ሞያን ፍልጠትን ምዕጣቕ።
- ዝተፈላልየ ቅዲ ኣሰራርሓ ክንምህዝን ክነተኣታቱን ምጽዓር፣
- ሚዛናዊ ኣመለኻኽታ ምምዕባል፣ ኣብ ቦታ ስራሕ ዝፍጠር ግርጭት ምስ ስራሕ ድዩ ዝተኣሳሰር ወይስ ውልቃዊ እዩ ምግምጋምን ካብ ስምዒት ወጺእና ምፍትሑን።
- ዘለና ኣመራጺታት ብግቡእ ምጽናዕ፣ ምስ ተጨነቕና ዘይኮነ፡ ኣብ ዝተዛነናሉ ግዜ ዝሓሸ ኣማራጺታት ምድላይን ተግባራውነቱ ምፍታሽን።
- ኣብ መንጎ ስራሕናን ውልቃዊ ህይወትና ሚዛናውነት ምሕላው፣ ንስራሕና እንህቦ ግዜን ኣድህቦን ንማሕበራውን ጥዕናውን ሸነኻት ህይወትና ብኣሉታ ከይጸሉ ምክትታል።

ብወገን ትካል፤

- እወታዊ ናይ ስራሕ ቦታ ምውዳድ፣ እምነትን ምክብባርን ዝመሰረቱ ባህሊ ምህናጽ።
- ንጹር ዕላማን ትጽቢትን ምህላው፣ ንጹር፡ ሓላፍነት ዘሰክምን ተዓቃንን ናይ ስራሕ ምቅሊት ምህላው፡ ግቡእ ናይ ምክትታልን ገምጋም ስርዓት ምህላው።
- ቀጻሊ ትምህርትን ምዕባላን ክህሉ ምትብባዕ፣ ንዝተራእየ ድኽመት ዝጽግን ስልጠናን ናይ ምምእዛን ንጥፈታት ምስራዕ።
- ዝነኣድ ስራሕ ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ምትብባዕ።
- ኣፍራይነት ዘዕቢ ዕጥቂ ምዕጣቕ፣ ሰራሕተኛታትን ስራሕን ናብ ዝበረኸ ደረጃ ኣፍራይነት ከደይብ ዝኽእል ናይ ተክኖሎጂ መሳርሒታት ምዕጣቕ።

## ወኒ ስራሕ ንምብርባር ዝጠቕሙ 20 ነጥብታት

1- ንእሽተይን ተጨባጭን ሸቶ ምስራዕ

2- በብእዋኑ ዘድሊ ዕረፍቲ ምውሳድ

3- ኣድህቦ ዝሰርቕ ካብ ቦታ ስራሕ ምእላይ

4- ብኣድማዕነት ክንሰርሓሉ እንኽእል ሰዓታት ምፍላጥ

5- ብግዜ ዝተሓጸረ ውጥን ምስራዕ

6- ስሩዕ ምክትታል ናይ ስራሕ ምክያድ

7- ቀዳምነታት ምስራዕ

8- ስራሕና ኣብቲ ዝዓበየ ስእሊ እንታይ ኣበርክቶ ከም ዘሎዎ ምልላይ

9- መዓልታዊ መደብ ስራሕ ምስራዕ

10- ሓደ ስራሕ ምስ እንዛዝም ነብሳና ምትብባዕ

11- ንቦታ ስራሕና ንምጽባቕ ወፍሪ ምክያድ

12- ኣእምሮና ናብ ስራሕ ከድህብ ምቅናይ

13- መዓልታዊ ንምሕሳብ ዝኸውን ግዜ ምፍላይ

14- ካብ ኦፊስ ወጺእና ጽሩይ ኣየር እነስተንፍሰሉ ግዜ ምፋላይ

15- እኹል ማይ ምስታይ

16- እኹል ዕረፍቲ ምውሳድ

17- ሚዛናዊ ማሕበራዊ ህይወትን ናይ ስራሕ ህይወትን ምህላው

18- ድልዱል ዝምድና ኣብ ቦታ ስራሕ ምህላጽ

19- ብንጥፈት ንኽንሰርሕ ዘተባብዓና ነገራት ምልላይ

20- ነብስና ከነፍቅርን ከነኽብርን ምምሃር

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ

## ደቡብ - ውድድራት ኣትለቲክስ ተኻይዱ

ፈደረሽን ኣትለቲክስ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ መንጎ 12 ንኡሳን ዞባታት፡ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ውድድር ኣትለቲክስ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣካዪዱ።

ኣብቲ ጉያ እግሪ ዝላ መሬት፡ ዳርባ ዓረርን ዲስከስን ጭማራን ዘጠቓለለ ውድድራት፣ ኣብ 100 ሜትሮ፡ ሰናይት ዳዊት ካብ ደባርዋ፡ ደዓሪት በራኺ ካብ እምኒ ሓይሊ፡ ሰገን ከሰተ ካብ ደቀምሓረ ቀዳሞት ሰለስተ ደቂ-ኣንስትዮ ክኾና እንከለዋ፡ ማርቲኖ ሮሞዳን ካብ ደቀምሓረ፡ ምሕረታኣብ ኪዳን ካብ ዓረዛ፡ ሃኒባል ዘርኡሰ ካብ ማይ-ምን ድማ ብደቂ-ተባዕትዮ ተዓዊቶም። ኣብ ናይ 200 ሜትሮ ኸኣ፡ ፍረሰላም ክፍለማርያም ካብ መንደፈራ ቀዳመይቲ ክትከውን እንከላ፡ ራድያ መሓመድ ካብ ሰንዓፈ፡ ልእላ ፎቶ ካብ ዓዲ-ኳላ ሰዒበንኣ። ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፣ ሓበን ማጅር ካብ ዓረዛ፡ መሴ ተኸለኣብ ካብ ሰንዓፈ፡ ሄኖክ ጉብረመስቀል ካብ ደቀምሓረ ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ኰይኖም። ኣብ ናይ 400 ሜትሮ፡ ሰምሃር ተኸለ ካብ ዓረዛ፡ መርሃዊት ሃብተ ካብ ዓዲ-ኳላ፡ ኣራጋሺ ተኽሉ ካብ ደባርዋ ዕወታት ደቂ-ኣንስትዮ ክኾና እንከለዋ፡ ክብሮም ኣማኒኤል ካብ መንደፈራ፡ ሻም ኒጋሲ ካብ ደቀምሓረ፡ ሳልሕ ኢብራሂም ካብ ሰንዓፈ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ተዓዊቶም። ኣብ ናይ 1500 ሜትሮ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ሕርይቲ ሃብተ ካብ ዓዲ ኳላ፡ የማና ክፍላይ ካብ ደባርዋ፡ ደሊና ግርማይ ካብ መንደፈራ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ሓበን ተስፋይ ካብ ዓዲ ኳላ፡ ሳይሞን መስፍን ካብ መንደፈራ፡ ዓወት ዑቕባይ ካብ ዓዲ ቐይሕ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ዘሎ ደረጃ ሒዞም። ኣብ ናይ 3000 ሜትሮ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣሕሎም ዑስማን ካብ ደቀምሓረ፡ ወይኒ ተወልደብርሃን ካብ ዓዲ-ኳላ፡ ኤልሳ ጉብርሂወት ካብ ማይ-ምን ክዕወታ እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ኸኣ፡ ቀዳማይ ኣቤል ዑቕባይ ካብ ዓዲ-ኳላ፡ 2ይ ዳኒኤል ብርሃ ካብ ማይ-ምን፡ 3ይ መርሃዊ ዓንደ ካብ መንደፈራ ወጺኦም። ኣብ ውድድራት ዝላ መሬት፣ ቤተልሄም ተስፋንኪኤል ካብ ደቀምሓረ፡ ሰሓት ኪዳን ካብ እምኒ-ሓይሊ፡ ቅሳነት ቀለመ ካብ ዓረዛ፡ ከምኡ'ውን የማነ ኣብርሃም ካብ ሰገነይቲ፡ ሄርሞን ኣሰፋስ ካብ ዓረዛ፡ ዒሳ ሓምድ ካብ ደቀምሓረ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ዘሎ ደረጃ ሒዞም። ኣብ ዳርባ ዓረር ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቀዳመይቲ ክብራ ኣርኣያ ካብ ደቀምሓረ፡ ካልኣይቲ ፃና ተስፋይ ካብ ደባርዋ፡ ሳልሰይቲ ሃና ብርሃ ካብ ዓዲ-ኳላ ተዓዊተን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ሰመረ ካሕሳይ ካብ ደቀምሓረ፡ ሰም ጉብረትንሳኤ ካብ ደባርዋ፡ ዳኒኤል ዑቕባ ካብ ዓዲ ኳላ ዕወታት ኰይኖም። ኣብ ዳርባ ዲስከስ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ሚካል ሽሻይ ካብ መንደፈራ ቀዳመይቲ ዕውትቲ ክትከውን እንከላ፡ መርሃዊት ዛይድ ካብ ደባርዋ፡ ሶሊያና ጎይቶኦም ካብ ዓረዛ ሰዒበንኣ። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፣ ተስፋይ ኣማኒኤል ካብ መንደፈራ፡ ተኸለወይኒ ኪዳን ካብ እምኒ-ሓይሊ፡ ሻም መድሃኔ ካብ ደቀምሓረ ተዓዊቶም።

ኣብቲ ንሓደ መዓልቲ ዝተኻየደ ውድድር፣ ደቀምሓረ ብደቂ ኣንስትዮ፡ መንደፈራ ብደቂ-ተባዕትዮ ዕወታት ንኡሳን ዞባታት ክኾና እንከለዋ፡ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ድማ ብሓፈሻዊ ወጽኢት ንበለል ብምኻን ተዓዊታ።



## ኢንሹራንስን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ንዋንጫ ሓሊፈን

ትማሊ ሓደ ግንቦት ኣብ መንጎ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ኢንሹራንስን ንመወዳእታ ሰዒረን ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሓሊፈን።

ኣብቲ ፈላመ ንደንደንን ኢንሹራንስን ዘራኸበ ግጥም፣ ኢንሹራንስ ኣብ መበል 14 ደቒቕ ብመንገዲ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት ዘመዝገበታ ሸቶ መሪሕነት ክትሕዝ ክኢላ ነይራ። እንተኾነ ደንደን ኣብ መበል 41 ደቒቕ ብመንገዲ ሄርሞን እዮብ ብዘረኸበታ ሸቶ ተመዓራርየን ንዕረፍቲ ኣምሪሐን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፣ ኢንሹራንስ ኣብ መበል 78 ደቒቕ ብመንገዲ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት ካልኣይቲ ሸቶ ረኺባ 2-ብ1 ተዓዊታ። በዚ ኸኣ ኢንሹራንስ ብድምር ወጽኢት 3-ብ1 ብምርታዕ ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ክትሰግር እንከላ፡ ኣተን መዐወትቲ ሸቶታት ዘመዝገበት ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተረቚሓ።

ጎጆሬትን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ኣብ ዝተዓደኦ ጸወታ፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ኣብ ቀዳማይ እግሪ 1-ብ0 ተዓዊታ ብምንባራ ዝ ጸወታ መራሒ ኣትያቶ። ናይቲ ዕለት ጸወታ ምስ ፈለመ፡ ጎጆሬት ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቒቕ ብመንገዲ ሊልያ ኣብራሃም ሸቶ ብምርካብ ምስ ዝሓለፈ መራሕነት ሰገን 1-ብ1 ብምዃን ንዕረፍቲ ኣምሪሐን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ካብ ትዕግስቲ ኣብራሃለይ፡ ኣብ መበል 65ን 73ን ደቒቕ ክልተ ሸቶታት ብምርካብ ናብ ናይ ዋንጫ ጸወታ ክትሓልፍ በቒዓ። ኣብ ቀዳማይ እግሪ ንሰገን መዐወቲት ሸቶ ዘመዝገበት ትዕግስቲ ኣብዚ ናይቲ ትማሊ ግጥምን ኣብ ቀዳማይ እግርን ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ።

ኣብ መንጎ ኣርባዕተ ጋንታታት ኣብ ክልተ እግሪ ተኸፋፊሉ ዝተሰላሰለ ግጥማት ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ንመጋጥምትን ዝረትዓ ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ኢንሹራንስን ናብ ናይ ዋንጫ ጸወታ በጺሐን ብምህላወን፡ 30 ግንቦት ናይ መዛዘሚ ጸወታ ከም ዘካይዳ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፈደረሽን ሉተብርሃን ወልደኣረጋይ ሓቢሩ።

## ኣርሰናል፡ ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ንምብጻሕ ተስፋ ኣሎዋ ድዩ?

"ምስ ምሉእ ኣኽብሮተይ፡ ኣብ ካልኣይ እግሪ ክንስዕር ኢና" ሚከኤል ሞሪኖ።

"ናብ ፓሪስ ክንጉዓዝ ኢና፡ ክንስዕር ኢና ድማ" ሚከኤል ኣርቴታ።

እዚ ቓላት ንደገፍቲ ኣርሰናል ካብ ተስፋ ሓሊፉ ህያው ክኾኑሎም ዝበሃግዎ እዩ። ግን ኣርሰናል፡ ዝተመዝገበ ሸቶ ኣሕውያ ካብ ተስፋ ሓሊፉ ድሕሪ 2006 ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትበጽሕ ተኽእሎ ኣሎዋ ደዩ?

ኣብቲ ኣብ ኢመራትስ ዝተኻየደ ቀዳማይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ፒኤስጂ፡ ኣብ ቀዳሞት 15 ደቓይቕ 75% ናይቲ ጸወታ ክትዕብልሎ እንከላ፡ ሓንቲ ሸቶ ድማ ኣመዝጊባ። እዚ ይኸውን እምበር ጌጋኡ ዝተረደኦ ኣርቴታ ተጻወትቱ ብምትዕርራይ ንፒኤስጂ ክበድህ ተረጂኡ እዩ። እዚ ኸኣ ንካልኣይ እግሪ ጸወታ ፍርቂ ፍጻመ ተስፋ ከም ዘሎዎም ዘርኢ እዩ።

### ምልዓት ቶማስ ፓርተይ

ኣብ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ ፍርቂ ፍጻመ፡ ኣብ መስመር ምክፍፋል ምጉዳል ቶማስ ፓርተይ ዝዓበየ ብደሆ ኣርሰናል'ዩ ነይሩ። ፓርተይ ኣብ በርናቡ ዘይተደልየ ብጫ ካርድ ብምውሳዱ ኣብቲ ጋንትኡ ኣብ ሜዳኣ ዝተረትዓትሉ ጸወታ ክሰትር ተገዲዱ'ዩ። ዝመጽእ ሰሙን ምስ ምምላስ ናይዚ ተጻዋታይ ድማ ራይስ ኣብቲ ክዮምቀሉ ጀሚሩ ዘሎ ናይ ቀጸሪ 8 ቦታ ከም ልቡ ክዕንደር ክሕግዞ እዩ። ምስ ምምጻእ ፓርተይ መስመር ምክፍፋል ኣርሰናል ደርዒ ክረክብ ብምኻኑ፡ ከም ቃሕታኻ ምንቅስቓስ ናይ ራይስ ንማርቲን ኦዴጋርድ ምንቕቓሕ ክፈጥረሉ ይኽእል'ዩ።

### ድሉውነት ደምበለ

ደምበለ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ኩሉ ውድድራት 32 ሸቶታት ከቝጽር እንከሎ፡ 12 ድማ ንሸቶ ቀሪብ ገይሩ። እዚ ወዲ ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ ኣብቲ ምስ ኣርሰናል ዘካየዶ ግጥም ኣብ ማእከል ሜዳ ሰልፊፍ ክበልል ብምርኣዩ ኣብ መበል 70 ደቒቕ ብጦርካ ተተኪኡ'ዩ። ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ ብዛዕባ ደምበለ ተሓቲቱ፡ "ዓቢ ነገር ኣይኮነን፡ ቀሩብ ቃንዛ'ዩ ዘሎዎ" እኳ እንተበለ፡ እዚ ንተኸላኸልቲ ሰራም ዝኾነ ኣጥቃዓይ ኣብ ምሉእ ጥዕና ብዘይ ምህላዉ እቲ ንኣርሰናል ካልእ ተስፋ ዝፈጥረላ ኩነታት እዩ።

### ፒኤስጂ ትሰዓርዮ

ናይ ልዊስ ኤንሪከ ፒኤስጂ፡ ድሮ እዚ ወቕቲ ቅድሚ ምዝዛሙ ዋንጫ 'ሊግ ሓደ' ምልዓል ብምርግጋጹ፡ ንመጀመርያ ግዜ ኣብቲ ሊግ ከይተሰዓረት ክትዛዝሞ ዝንቀደቶ ውጥን ብዘሰ ተኸሊፋዋ'ዩ። ፒኤስጂ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ብኣስቶን ቪላ 3-ብ2፡ ኣብ መድረኽ 16 ብሊቨርፑል 1-ብ0፡ ኣብ ናይ ምድብ ጸወታ ብኣትለቲኮ ማድሪድ ክትርታዕ ክኢላ እያ። ኣርቴታ፡ ዝ ፒኤስጂ ዝተሰዓረትሉ ግጥም ተዓዚቡ ናብ ጸወታ ካልኣይ እግሪ እንተ ኣትዩ ድኹም ጎድኒ ፒኤስጂ ክምዝምዝ ይኽእል'ዩ።

ኣርቴታ፡ ኑቲ ዝመጽእ ረቡዕ ዘካይድዎ ግጥም ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ድማ፡ "ክንደይ ሚእታዊት ከም ዘሎና ኣይፈልጥን'የ፡ ግን ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ንበጽሓሉ ዕድል መሲኡ'ዩ። ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ክትበጽሕ ብሉጽ ነገር ክትገብር ኣሎካ፡ እዚ ንገብረሉ ድማ ፓሪስ'ዩ" ክብል መግለጺ ሂቡ። ንኸማትከ ምኽ፡ ኣርሰናል ናብ ፍጻመ ናይ ምብጻሕ ተስፋ ኣሎዋዶ?



## ያማል፡ ኣብ 50 ዓመታት ዝኸሰት ብዓል ተውህቦ ተጻዋታይ




ኣብቲ ባርሴሎናን ኢንተር ሚላንን 3-ብ3 ዝተፈላለዩሉ 'ቅያዊ' ግጥም ቀዳማይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ደንዛል ዳምፍራይዝ ክልተ ሸቶን ሓንቲ ቀረብን ብምግባር 'ብሉጽ ተጻዋታይ' ናይቲ ግጥም ክርቋሕ ክኢሉ'ዩ። እንተ ኾነ ኣርእስቲ ዝጠዙሓ ማዕከናት ዜና ዓለም ክሕዝ ዝኸኣለ እቲ ምስ ባርሴሎና ብምኻን 100 ጸወትኡ ዘዐደን መበል 22 ሸቶኡ ዘቑጸረን ወዲ 17 ዓመት ስጳኛዊ ላሚን ያማል እዩ። ማዕከናት ዜና ነዚ ናይ ያማል ብርቂ ክእለት፡ ማሲን ሮናልዶን ደቂ 17 ዓመት እንከለዉ ዘመዝገብዎ ወጽኢት ብምንጽጻር የቐርብኦ ኣለዋ። ማሲ ወዲ 17 ዓመት እንከሎ፡ ኣብ ትሸዓተ ግጥም ተሰሊፉ ሓንቲ ሸቶ ጥራይ'ዩ ኣመዝጊቡ። ሮናልዶ ድማ 18 ዓመት ከይመልኣ እንከሎ ኣብ 19 ግጥማት ተሰሊፉ ሓሙሽተ ሸቶ ኣመዝጊቡ።

ላሚን ያማል፡ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ብዘርኣዮ ብቕዓት፡ ገና 18 ዓመት ከይመልኣ እንከሎ ብሉጽ ተጻዋታይ ክበሃል በቒዑ'ዩ። ኣብቲ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ግጥም ድማ፡ ኑታ ብኢንተር 2-ብ0 ተመራሒ ርእሳ ኣደኒና ዝበረት ጋንትኡ፡ ኣብ መበል 21 ደቒቕ ሸቶ ብምቑጻር ናብ ጸወታ ከም ትምለስ ገይሩዋ።

ኣብ ማዕከን ዜና 'ቲኤንቲ' ዝትንትን ኣልዩ ማክኮሌስት፡ "ኣብ ህይወተይ፡ ኣብ ውሽጢ 45 ደቒቕ ከምዚ ዓይነት ብቕዓት ዘሎዎ ሓደ ተጻወታይ ዝርኣኹ ኣይመስለንን፣ እዚ ዘይእመን'ዩ" ክብል ገሊጽዎ። ኣሰልጣኒ ኢንተር ሚላን ሲሞን ኢንዛጊ ብወገኑ፡ "ላሚን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 50 ዓመት ዝቐልቀል ተውህቦ ዘሎዎ'ዩ፡ ቀረብ ክዕዘቦ እንከለኹ መሳጢ ተጻዋታይ'ዩ" ክብል ገሊጽዎ። "እኹል እኳ እንተ ዘይኮነ ክልተ ተጻወትቲ ክሕዝዎ ገይርና፡ ግን ዓቢ ጸገም'ዩ ፈጢሩልና" ብምባል ድማ ኢንዛጊ ወሲኹ። ኣሰልጣኒኡ ሃንሲ ፍሊክ ድማ፡ "ከምቲ ኢንዛጊ ዝበሎ ኣብ 50 ዓመት ዝመጽእ'ዩ፡ ናይ ባርሳ ምኻኑ ድማ ደስ ተኛ'ዩ" ኢሉ።

ንኡስ ምስ ማሲ ክነጻጸር ዘይደሊ ያማል፡ ወዲ 15 ዓመት እንከሎ ንባርሳ ብምውካሉ፡ ኣብ ላሊጋ ዝንኣሰ ተጻዋታይን ሸቶን ቀረብ ንሸቶን ዝገበረ፡ 18 ዓመት ከይመልኣ ዋንጫ ኤውሮጳ ዘልዓለ፡ ዝንኣሰ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ሸቶ ዘቑጸረ ዝብሉ ክብረ-ወሰናት ሒዙ ይርከብ።

## ቸልሲ ዋንጫ ዓቲራ

ረቡዕ ምሸት ንማንቸስተር ዩናይትድ 1-ብ0 ዝረትዐት ቸልሲ፡ ንሻድሻይ ግዜኣ ኣኪታቲላ ዋንጫ ሱፐር ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ኣልዒላ።

ቸልሲ፡ ኣርሰናል ብኣስቶን ቪላ 5-ብ2 ብምርታዓ ሱፐር ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ንኽዛዝም ክልተ ግጥማት ተሪፉዋ እንከሎ፡ ዋንጫ ምዕታራ ኣረጋጊጻ።

እዛ ቸልሲ ክትወስዶ በቒዓ ዘላ ዋንጫ፡ ኣብ ሳልስቲ ናይቲ ብባርሳ ብድምር ወጽኢት 8-ብ2 ተረቲዓ ካብ መድረኽ ኤውሮጳዊ ውድድራት ድሕሪ ምግላፋ ዝተኸሰተ ብምኻኑ ድማ ፍሉይ ናይ ሓጎስ ስምዒት ፈጢሩላ ይርከብ።

ኣብ ሱፐር ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ 2012 ኣርሰናል፡ ኣብ 2016 ማንቸስተር ሲቲ፡ ኣብ 2018 ቸልሲ ከይተሳዕራ ዋንጫ ከልዕላ ዝበቕዓ እየን። ብሓደሽ ኣገባብ 22 ግጥማት ብምኽያድ ክሰላሰል ምስ ጀመረ ግን ዝ ከይተሰዓረት ዋንጫ ምዕታር ዝብል ክብሪ ዝበቕዐቶ ጋንታ የላን። ቸልሲ፣ ሰንበት ንዮተንዝም፡ 10 ግንቦት ንሊቨርፑል እንተ ረቲዓተን ግን ዝ ኽብሪ ክትበቕዖ'ያ። ቸልሲ፡ ዝ ተሪፉዋ ዘሎ ክልተ ግጥማት ብዓወት እንተ ዛዚማቶ፡ 60 ነጥቢ ብምእካብ ኑቲ ኣብ 2022-23 58 ነጥቢ ብምሓዝ ኣብ ሱፐር ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ብቸልሲ ተታሒዙ ዝጸንሐ ክብረ-ወሰን ክትሰብሮ እያ።



# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካን ዩክሬንን ስምምዕ ማዕድናት ከቲመን



ኣመሪካ፡ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ማዕድናዊ ጸጋታትን ዩክሬን ክትመቻቸአ ዘኽእላ ስምምዕ ምስ ዩክሬን ከም ዝኸተመት ሚኒስትር ግምጃ ኣመሪካ ስኮት ቤሰንትን ሚኒስተር ቁጠባ ዩክሬን ዩልያ ስቪሪደንኮን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣፍሊጦም።

ምሉእ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ስምምዕ ንሓፋሽ'ኳ እንተ ዘይተዘርግሐ፡ ኣመሪካን ዩክሬንን ንወጻኢታት እቲ ዕደና ብማዕረ ክምውላእ ምኽንያትን፡ ክልቲአን ሃገራት'ውን ኣብ መስርሕ እቲ ዕደና ማዕረ ተሰማዕነት ክህልወን ከም ዝኾነን ግን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣቡቲ ተኸቲሙ ዘሎ ስምምዕ እንታይ ዓይነት ማዕድን ክበርበር ከም ዘለዎ፡ እቲ መስርሕ ዕደና ኣብይ ቦታ ክካየድ ምኽኑን ዘውሰን ኣካል ደሚ፡ መንግስቲ ዩክሬን ጥራይ ከም ዝኾነ ዝገልጽ ነጥቢ. ብንጹር ሰፊሩ ምህላው፡ ዩልያ ስቪሪደንኮን ሓቢሩ።

ብመሰረት ዝተፈላለዩ ምንጭታት፡ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ነቲ ሃገሩ ንዩክሬን ብዘእዋኑ ዝመጠወትላ ናይ ልዕሊ 170 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራውን ፊናንሳውን ሓገዛት፡ ብመገዲ ካብታ ሃገር ዝወጹ ዝተፈላለዩ ብርቂ ማዕድናት ክመልሶ ከም ዝደሊ እዩ ከመልክት ጸኒሑ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዳግማይ ናብ ኮረሻ ስልጣን ካብ ዝምለስ ጀሚሩ፡ ብዛዕባ ዕደና ኣብ ዩክሬን ዝርከቡ ብርቂ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ማዕድናት ኣመልኪቱ ምስ ዩክሬናዊ መዘናኡ ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ክዘራረብ ምጽንሑ ዝዝከር እዩ።

ከም መቕጸልታ እቲ ዝርርብ ከኣ፡ መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ስምምዕ ክኸትሙ ሰናይ ድሌት ከም ዘለዎም ዘመልክት መዘክር ብ17 ሚያዝያ ከቲሞም ነይሮም።

እንተ ኾነ ብወገን ፕረዚደንት ቮሎዲሚር ዘለንስኪ. ብዘጋጠመ ምድንጓያት፡ እቲ ዝተጀመረ ስምምዕ ኣብ መዓልቦኡ ከይበጽሐ ንሰሙናት ክጉተት ምጽንሑ እዩ ትራምፕ ዘወቅሱ።

ብመሰረት ጸብጻብ 'ማእከል ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ዘላቒ ልምዓትን'፡ ካብቲ ዩክሬን ዋንኡተይ እትብሎም ዕቑራት ማዕድናት ሊትየም፡ ታንታለም፡ ሴዝየምን ስትሮንቲየምን፡ ካብ 50% ክሳብ 100% ኣቡቲ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሩስያ ኣትዮም ዘለዉ. ግዝኣታታ ይርከቡ።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ. ኢራን ሓድሽ እገዳ ኣጽዲቓ

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ. ኢራን ጸቕጢ. ከተዛይድ ኣብ እትደልየሉ ዘላ እዋን፡ ዝሓለፈ. ረቡዕ ኣብ ልዕሊ. ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲ. ነዳድን ፔትሮኬሚካላትን ይሳተፉ ከም ዘለዉ. ዝሸሰሱዩም ትካላት እታ ሃገር እገዳ ከም ዘንበረት ሓቢሩ።



ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ፡ ሃገሩ ምስ ኣብ ምሻጥን ምዕዳግን ዘይሕጋዊ ነዳድን ፔትሮኬሚካላትን ኢድ ከም ዘለዎም ዝገለጾም - ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ቱርክን ኢራንን ዝመደበሮም - ሸውዓተ ትካላት እገዳ ከም ዘንበረት ገሊጹ።

ጸሓፊ ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ነቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ንእተካይዶ ዘይሕጋዊ ሰደድ ነዳድን ፔትሮኬሚካልን - እንኮላይ ናብ ቻይና ዘለኣኽ - ምሉእ ብምሉእ ደው ንምባሉ ቀረጽ ተሳዒሉ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

እቲ ሓድሽ እገዳ፡ ልኡኻት ኢራንን ኣመሪካን ብዛዕባ ኒዩክለሳዊ ፕሮግራማት ኢራን ኣመልኪቶም ዝመጽእ ቀዳም ኣብ ሮማ - ኢጣልያ ዳግማይ ዝርርብ ክካይዱ ኣብ ዝወስኑሉ እዋን ደጺድቑ ብምህላዉ፡ ኣቡቲ ዝካየድ ዝርርብ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል፡ ተንተንቲ ይእምቱ።

ምዕራባውያን ሃገራት፡ ኢራን እተጻርዮ ዘላ ዩራንዩም፡ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ንምምዕባል ትጥቀመሉ ከም ዘላ ብተደጋጋሚ ይኸሰኻ እንተ ሃለዋ፡ ቴህራን ግን ንሰላማዊ መዓላ ዘገልግል ኑክሌሳዊ ጸዓት ንምምንጫው ጥራሕ ከም እትጥቀመሉ'ያ ትምጉት።

## ሩስያን ሰሜን ኮርያን፡ ዘራኽበን ድልድል ይሃንጻ

ፈደረሽን ሩስያን ሰሜን ኮርያን፡ ከም ምልክት ናይቲ እናዓሞቐ ዝኸይድ ዘሎ ምሕዝነተን፡ ዝሓለፈ. ረቡዕ ኣብቲ ንኽልቲአን ኣብ ዘራኽብ ዶብ ዝርከብ ሩባ 'ቱመን' ናይ ጽርግያ ድልድል ምህናጽ ከም ዝጀመራ ሓቢረን።

ቀዳማይ ሚኒስተር ፈደረሽን ሩስያ ሚካኤል ሚሹስቲን፡ እቲ ክህነጽ ጀሚሩ ዘሎ ድልድል፡ ኣብ መንጎ እዘን ሃገራት ዝህነጽ ናይ መጀመርታ መሳገሪ ከም ዝኾነ ብምምልካት፡ ንወጻኢታት መጉዓዝያ ዘጉድል፡ ንንጥፈታት ንግድን ቱሪዝም ከኣ ዘጣጥሕ ምኳኑ ገሊጹ።

'ኮመርሳንት' ዝተባህለ ሃገራዊ ጋዜጣ ሩስያ ደሚ፡ እቲ 853 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ዘመናዊ ድልድል፡ ኣብ መፋርቕ 2026 ተዛዚሙ ንኣገልግሎት ድሉው ከም ዝኸውን ሓቢሩ።



## ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ካብ ኮንጎ ክወጽእ ወሲኑ

ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ውድብ ማሕበረ ሰብ ልምዓት ደቡብ ኣፍሪቃ (ሳድክ)፡ ካብ ምብራቓዊ ክፋል ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ክወጽእ ከም ዝጀመረ፡ ኣገልግሎት ዜና ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ንሓደ ብዓል ስልጣን ብምጥቃስ ሓቢሩ።

እቲ ን16 ኣባላት (ሃገራት) ዝሓቖፈ. ውድብ ማሕበረ ሰብ ልምዓት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ክሳብ መውዳእታ ወርሒ. ሰነ፡ ኑቶም ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ኣዋፊሮም ዘለዉ. ወተሃደራት ዓቃብ ሰላም ምሉእ ብምሉእ ክስሕቦም መደብ ከም ዘለዎ፡ እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ ገሊጹ።

እቲ ዞባዊ ውድብ፡ ሰራዊት ኮንጎ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ዕጡቓት ጉጅለታትን ምንቅስቓስ ኢም-23ን ኣብ ዘካይዶ ኩናት ሓገዙ ንምብርካት ኣብ ታሕሳስ 2023 ናብታ ሃገር ወተሃደራት ዓቃብ ሰላም ከም ዘዋፈረ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ምንስሓብ ናይ'ቲ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም፡ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ ኢም-23 ነተን ኣብቲ ብማዕድናት ሃብታም ምኻኑ ዝፍለጡ ምብራቓዊ ክፋል ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ዝርከባ ከተማታት ጎማን ቡካቩን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ድሕሪ ምእታዉ. እዩ ዝስዕብ ዘሎ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ሩዋንዳ ኦሊቨር ንዱሁንገረሄ እቲ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም፡ ኣቡቲ ኣብ መንጎ ወተሃደራት ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ኢም-23ን ዝካየድ ኩናት ዝተሓላለኸ ተራ ከም ዝበሮ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ሕጂ ግን ካብታ ሃገር ክወጽእ ምውሳኑ፡ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ሰላም ናብ እወታዊ ኣንፈት ክመርሖ ከም ዝኽእል፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ. 'ኤክስ' ገሊጹ።



መንግስቲ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ሩዋንዳ ነቲ ኣሽሓት ሰባት ዝቐተለን ካልኦት ኣማኢት ኣሽሓት ዜጋታት ዘመዛበለን ዕጡቕ ጉጅለ ከም እትድግፍ እዩ ብተደጋጋሚ ክኸስስ ጸኒሑ።

ቁጽሪ ኣብታ ሃገር ዝተዋፈሩ ወተሃደራት ዓቃብ ሰላም እቲ ውድብ ብንጹር'ኳ ዘፍለጦ እንተ ዘይኮነ፡ ክሳብ 1,300 ዝበጽሑ ወተሃደራት ክህልዉ. ከም ዝኽእሉ ግና፡ ጸብጻባት ሕቡራት ሃገራት የመልክቱ።

ካብ ፈለማ 2025 ንደሓር፡ ኣብ መንጎ ሰራዊት ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ዕጡቓት ተቓወምቲ ጉጅለታትን ብዘተወልዐ ግጭት፡ ህጻናትን ኣባላት ዓቃብ ሰላምን ዝርከብዎም ብውሕዱ 8,500 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ኣመሪካ ምስ ህንዲ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ንግዳዊ ስምምዓት ክትከትም

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ. ወርሒ. ኣብ ልዕሊ. ኩለን ምስ ኣመሪካ ንግዳዊ ሽርክነት ዘካይዳ ሃገራት ዝሰልዐ ናይ ቀረጽ ወሰኽ፡ ምምሕዳሩ ምስ ህንዲ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ንግዳዊ ስምምዓት ከም ዝኸተመ ሓቢሩ።

ትራምፕ ወሲኹ፡ ሃገሩ ካብቲ ኣብ ልዕሊ. ናይ ንግዲ. መሻርኽታ ዝሰልዓቶ ቀረጽ ረቡሓ ትሓፍስ ክሳብ ዘለወት፡ ነቲ ስምምዓት ኣብ መዕለቢኡ ንምብጻሕ ከም ዘይህወኽ ኣፍሊጡ።



መግለጺ. ትራምፕ፡ ክፍሊ. ንግዲ. ኣመሪካ፡ ዕብየት ቁጠባ ሃገሩ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ. ዓመት ብ0.3% ከም ዝሓጸረ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ ዝቐረበ ዘሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ኣብ ሃገሩ ዝተራእየ ምንቅልቃል ቁጠባ፡ ብህሉው ኣመራርሓኡ ዝሰዓበ ዘይኮነስ ጽልዋ ናይ'ቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጆ ባይደን ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝነበረ ቁጠባዊ ቅልውላው ምኻኑ ኣረዲኡ።

እቲ ኣብ ልዕሊ. ናብ ሃገሩ ኣብ ዝኣቱ ፍርያት ዝተፈላለያ ሃገራት ወሲኑዎ ዘሎ ናይ ቀረጽ ወሰኽ ከኣ፡ ንቁጠባ ሃገሩ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክብ ከብሎ ምኻኑ ብምግላጽ፡ እዚ. ክሳብ ዝኸውን ዜጋታቱ ዓቕሊ. ክገብሩ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ. 'ትሩዝ ሶሻል' ተማሕጺኑ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ. ኣሸሩእ | 02/05/25 | ጎደና ኪልዓውታ ቁ.57ኣኽርያ ከባቢ. እንዳ ዓለፍኒት | 07157709 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services